# ሃገራዊ ቻርተር ኤርትራ

ምእንቲ ደሞክራሲ፡ ፍትሕን ራህዋን ዝሰፈኖ መጻኢ

ኣብ 3ይ ጉባኤ ህ.ግ.ሓ.ኤ ዝጸደቐ

ናቕፋ 10 — 16 ለካቲት1994

# ትሕዝቶታት

I. መእተዊ ........ ገጽ 3
ምህናጽ ሃገርን ሃገርነትን ኣብ ኤርትራ ........ ገጽ 6
ራእይና ንመጻኢ ኤርትራ ........ ገጽ 12

II. መግለጺ መሰረታት ፖለቲካዊ ፕሮግራምና ........ ገጽ 20
1. ምህናጽ ደሞክራሲያዊ ፖለቲካዊ ስርዓት ........ ገጽ 21
2. ምህናጽ ድሌት ህዝቢ ዘርዊ ሓያል ሃገራዊ ቁጠባ ........ ገጽ 26
3. ምምዕባል ስልጡን ሃገራዊ ባህሊ ........ ገጽ 31
4. ምዕሩይ ዝርገሐ ብቑዕ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ........ ገጽ 35
5. ምሕላው ማሕበራዊ መሰላት ........ ገጽ 37
6. ምርግጋጽ ሃገራዊ ጸጥታን ምክልኻልን ........ ገጽ 40
7. ዞባውን ኣህጉራውን ምትሕብባር ........ ገጽ 42

III. ውድባዊ መትከላት ........ ገጽ 45
1. ሰፊሕ ዝሰረቱ ግንባር ........ ገጽ 45
2. ዉሽጣዊ ደሞክራሲያዊ ህይወት ዘለዎ ኣሳታፊ ግንባር ........ ገጽ 45
3. ብቑዕ፡ ወካሊ፡ ተሓታትነት ዘለዎ፡ በብግዚኡ ዝቕየር መሪሕነት ........ ገጽ 46
4. ካብ መንግስቲ ዝተፈልየ ናይ ግንባር ህልው ንጥፈታት ........ ገጽ 47
5. ምትብባዕን ምትሕብባርን ን/ምስ ናይ ህዝቢ ማሕበራት ........ ገጽ 47
6. ዳይናሚክ፡ ኣብ ህዝቢ ዝተሰረተ ውድባዊ ቅርጺ ምምዕባል ........ ገጽ 48

# I.መእተዊ

ኤርትራ ሎሚ ኣብ ኣፍደገ ሓድሽ ምዕራፍ ታሪኽ ትርከብ ኣላ። እቲ ንሓምሳ ዓመታት ኣብ ቅድሚኣን ኣብ ቅድሚ ህዝባን፡ ከም ዓቢ እምባ ተገቲሩ ዝነበረ ዕማም ምብራር መግዛእትን ምጭባጥ ሃገራዊ ናጽነትን ክብረትን ተፈጺሙ'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ታሪኹ ጎይታ ሃገሩ ኮይኑ መጻኢኡ ኣብ ኢዱ ጨቢጥዎ ኣሎ። እዚ ንብዙሓት ሕልሚ ኮይኑ ዝተርፍ ይመስል'ኳ ኣንተነበረ ጋህዲ ኮይኑ'ሎ። ኣንጻር ብዓቕሚ ኣዝዩም ጸብለል ዝብሉና ጸላእቲ፡ ብዘይጠቅም ናይ ወጻኢ ሓገዝ፡ ኣብ ህዝብናን ዓቕሚ ሃገርናን ብምትእምማን ብምምርኳስን፡ ከቢድ መስዋእቲ እናኸፈልና፡ ብሓቦ፡ ብጽንዓት፡ ብፖለቲካዊ ብስለትን ናይ ስራሕ መሃዝነትን፡ ንጸላኢ ኣብ ምምካት ከይተሓጸርና መሰረት ናጻ ሃገር እናንበርና ብምግዳል፡ ኣብ መጨረሽታ ድማ ምሉእ ህዝቢ ብንቕሓትን ወኒን ኣብ ዝተሳተፎ ረፈረንደም 99.8% ናይ ደገፍ ድምጺ ብምሃብ ዝተጨበጠ ብሙኳኑ፡ ብዘይ ምግናን ኣብ ታሪኽ ሓርነታዊ ምንቅስቓሳት ሒደት መወዳድርቲ ዘለዎ ኢዩ። ናይ ህዝቢ ኤርትራን ፖለቲካዊ መሪሕነቱን ብቕዓትን ብስለትን፡ ምስክርን መርኣያን ድማ ኢዩ።

ምርግጋጽ ሃገራዊ ናጽነትን ልኡላውነትን ኤርትራ፡ መዕጸዊ ናይ ሓደ ዓብን ክቡርን ምዕራፍ ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ፡ መኽፈቲ ድማ ናይ ሓደ ሓድሽ ምዕራፍ ኢዩ። ሎሚ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኤርትራ ካብቲ ዝሓለፈ ዝተዓወተሉ ዕማም ዝከበደን ዝያዳ ዝተሓላለኸን ዕማም ተገቲሩ ኣሎ-ምህናጽ ሰላምን ፍትሕን ራህዋን ዝሰፈኖ ሕብረተሰብ። ኣብ ኤርትራ ሰላምን ፍትሕን ራህዋን እንተዘይሰፊኑ፡ ማለት ህዝቢ ኤርትራ ደረጃ ብደረጃ ካብ ስእነትን ድኽነትን እንተዘይተገላጊሉ፡ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላቱ እንተዘይተሓልዩ፡ ምሉእ ተሳታፊ ኣብ ምውሳን ጉዕዞ ሃገሩ እንተዘይኮይኑ፡ ሃገራውን ባህላውን መንፈሳውን ናብርኡ በብግዚኡ እንተዘይተማሓይሹ፡ እቲ ብኸቢድ መስዋእቲ ዝተረኸበ ናጽነት ትርጉም ኣይክህልዎን'ዩ። ደቅና ኲናትን ህውከትን እንደገና ዘይርእዩላ፡ ዝሞቑላን ዝሕበኑላን ሃገር ናጽነትን ሰላምን ራህዋን ከነረክቦም ኣይንኽእልን ኢና።

ህዝቢ ኤርትራ ዝሓሸ መጻኢ ንምህናጽ እቲ ቓልስን ጻዕርን ብቐንዱ ድሕሪ ናጽነት ስለዝጅምር፡ ንሕና እዞም ናጽነት ዘምጽኣና ወለዶ ንመጻኢ ወለዶታት ሰረታት ስልጡንን ፍትሓውን ህብረተሰብ ከነረክብ ታሪኻዊ ሓላፍነት ተሰኪምና ኣሎና። ዘለናዮ መድረኽ ምስግጋር ኣብ ግዜ ታሪኻዊ ዕድልን ብድሆን ኢዩ። ሎሚ ኣብ'ዚ ታሪኻዊ መለጋገቦ'ዚ እንወስዶ ስጉምትታትን እንሓርዮ

*ምርጫታትን። ካብ ንቡር ንላዕሊ መጻኢ ኤርትራን ህዝባን ስለዝውስን ዘይድገም ታሪኻዊ ዕድል ኢዩ። ነዚ ዕድል'ዚ ብግቡእ ምጥቃም ከኣ ረዚን ሓላፍነት ስለዝኾነ፡ ዓቢ ታሪኻዊ ብድሆ ኢዩ። ስለ'ዚ ወለዶና ከምቲ ቃልሲ ናጽነት ብዓወት ዝዛዘመ፡ ነዚ ታሪኻዊ መጸዋዕታ'ዚ ክበቕዖ ድዩ? ናይ'ዚ መድረኽ'ዚ ቀንዲ ሕቶ እዚ ኢዩ።*

*ግድን ክበቕዖ ኣለዎ። እንተዘየልቦ፡ ኩሉ ቃልስታቱን ኣበርክቶታቱ ንኤርትራን ህዝባን ብላሽ ክተርፍ ማለት ኢዩ። ምኽንያቱ፡ ተልእኾኡ ኣፋሪቑ ደኣ'ምበር ኣይፈጸመን። ስለ'ዚ ንኤርትራ ከም ናጻን ስልጥንትን ሃገር ብምህናጻ ክዛዝሞ ኣለዎ። እዚ ሕድሪ ሃገርና'ዩ፡ ህድሪ ህዝብና'ዩ፡ ሕድሪ ስዉኣትና'ዩ።*

*ግን፡ ምህናጽ ሰላምን ቁጠባን ካብ ምዕዋት ኣብ ኲናት ዝበርትዐን ዝያዳ ዝተሓላለኸን ምኻኑ ብተደጋጋሚ ተጋሂዱ ኢዩ። ተመክሮ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃን ካልኦት ብዓቢ ተስፋ ዝጀመራን ካብ መግዛእቲ ዝተገላገላን ዕዉት ሰውራ ዘካየዳን ሃገራት፡ ተመክሮ ምትካእ ኣረግቶት ጨቛንቲ ብሓደሽቲ ጨቆንቲ፡ ተመክሮ ምንቁልቋል ሃገራዊ ቁጠባን ናብራ ህዝብን። ተመክሮ ፍሽለት ኢዩ።*

*ነዚ ዘሕዝን ተመክሮ ምድጋም፡ ንኹሉ'ቲ ዝኸፈልናዮ ዋጋን መስዋእትን ከንቱን ብላሽን ምግባር፡ ንነብስናን መጻኢ ወለዶታትን ንስቅያትን ኲናትን ምፍራድ'ዩ። ክንደግሞ ግን ኩኑናት ኣይኮናን። ኣብዛ ብብዙሕ መስዋእቲ ናጽነት ዘጓነጸፍናያ፡ ሓርነት ድማ ዘልበስናያ ኤርትራና ነባሪ ሰላምን ፍትሕን ራህዋን ከነንግስ ንኽእል ኢና። ኤርትራ ማዕረ'ቲ ዝኸፈልናላን ዝተመነናያን ንሕበነላን ንከሓሰላን ሃገር ክትከውን ንነብስናን ንስዉኣትናን ንደቅናን ሕድሪ ኣለና።*

*ሰናይ ድልየትን ምብጋስን በይኑ ግን እኹል ኣይኮነን። እቶም ቅድሚና ተበጊሶም ዝፈሸሉ ሰኣን ሰናይ ድልየት ኣይኮኑን ፈሺሎም። ከምቲ ናጽነት ንምምጻእ ምስቲ ዕላማ ዝሰማማዕ ፖለቲካዊ ፕሮግራም፡ ወተሃደራዊ ስትራተጂ፡ ሓያልን ብሱልን ውዳቤ ዘድለየ፡ ምዕቡልን ፍትሓውን ሕብረተሰብ ንምህናጽ፡ በብግዚኡ ክዝርዝርን ክዳቐቕን ዝኽእል፡ ግን ኣብ ንጹር መትከላት ዝተመስረተ ፖለቲካዊ ፕሮግራምን ንኹሎም ሓቀኛታት ሃገራውያን ክሓቁፍን ከሳትፍን ዝኽእል ኣድማዒ ፖለቲካዊ ውዳቤ ከድሊ'ዩ። ዕላማ ናይዚ ሰነድ'ዚ። ሃገራዊ ቻርተር ኤርትራ፡ እምበኣርከስ መርሓ ሕንጻጻት ናይ መጻኢ ሃገራውን ደሞክራሲያውን ጉዕዞና ምንጻር፡ እቲ ነዚ ጉዕዞ'ዚ ከም ዲናሞን መነሃርያን ኮይኑ ዝመርሖ ሰፊሕ ሃገራውን ደሞክራስያውን ፖሊቲካዊ ምንቅስቓስ ናይ ዝምረሓሉ ፖለቲካዊ ፕሮግራምን ክህልዎ ዝግባእ ውድባዊ ኣሰራርሓን መሰረታዊ መትከላት ምቕራብ ኢዩ።*

ሃገራዊ ቻርተር ኤርትራ ካብ መጽሓፍቲ ወይ ቻርተራት/ ፕሮግራማት ካልኦት ሃገራት ዝተቐድሐ ኣይኮነን፤ ካብ ክውንነት ሃገርናን ሕብረተሰብናን ካብቲ ሃብታም ተመክሮናን'ዩ ዝነቕል። ኣብ ዓለምና ኣብዚ እዋን'ዚ ናይ ወኽቱ ሞዳ ኮይኑ ንዘሎ ትንታኔታትን ፎርሙላታትን'ውን ከም ዘለዎ፡ ብጥሪኡ ኣይልቀሖን'ዩ። እንታይ ደኣ ንኹሉ ብነቐፌታዊ ዓይኒ ብምምርማርን ምስ ክውንነት ሕብረተሰብናን ተሞኩሮናን ብምግንዛብ ዝሰርሕ ናጻ መስመር ንምትላም'ዩ ዝብገስ።

ሃገራዊ ቻርተር ሃሜናዊ (dogmatic)፡ ዕጽዉን ደረኽን ሰነድ ኣይኮነን። ንሓድሽ ሓሳባትን ተመክሮታትን ክፉት፡ ብግብራዊ ተመክሮን ህይወትን እናተፈተነ ዝህብትምን ዝምዕብልን ዲናሚካዊ ሰነድ ኢዩ። እዚ ሰነድ'ዚ ራእይናን ዕላማታትናን (Vision & Ideals) ዝገልጽ ስለዝኾነ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ፡ ኣብ ውሽጢ ውሑዳት ዓመታት ከምዝትግበር ፕሮግራም ክውሰድ ኣይግባእን። መድረኽ ብመድረኽ፡ ኣብ ዝተናወሐ መስርሓት ብዝትግበሩ መደባት እናተገልጸ ዝኸይድ ኢዩ። ከም ሓባሪ ጉዕዞና ናበይ ክንበጽሕን እንታይ ክንገብርን ከም እንደሊ ዝገልጽ ናይ ሓፈሻዊ መትከላትናን ሸቶታትናን ሰነድ ኢዩ።

# ምህናጽ ሃገርን ሃገርነትን ኣብ ኤርትራ

ኤርትራ በዚ ናይ ሎሚ ዶባታ ኣብ ትሕቲ ሓደ ስሙር ምምሕዳር ዝተጠርነፈት ምስ ምምጻእ መግዛእቲ ኢጣልያ'ኳ እንተኾነ፣ መፈለምታ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ምቕልቃል መግዛእቲ ኢጣልያ ክምዘይኮነ ምዝካር ኣገዳሲ'ዩ። ቅድሚ ኤውሮጳዊ መግዛእቲ፣ ህዝቢ ኤርትራ፣ በብኸባቢኡ ናይ ገዛእ ርእሱ ታሪኽን ስልጣኔን፣ ናይ ባዕሉ ሕግን ስርዓተ ምምሕዳርን፣ ፖለቲካውን ቁጠባውን፣ ማሕበራውን ባህላውን ህይወት ኔርዎ'ዩ። ሓደ ድሕሪ ሓደ ዝተተኻኸኡ ገዛእቲ ነዚ ኤርትራዊ (ብዝተፈላለየ መልክዓቱ) ስርዓተ - ህይወትን ስርዓተ- ምምሕዳርን'ኳ እንተጸለዎ፣ ኣየጥፍእዎን። ንሳቶም ኣሰሮም፣ ይዕበ ይንኣስ፣ ገዲፎም ክኸዱ ከለዉ፣ ኤርትራዊ ያታን ሕብረተሰብን፣ ከምቲ ክኾኖ ዝግበኦ፣ ለውጥን ምምዕባይን እናገበረ፣ ግን ከኣ መሰረታዊ መለለይታቱ ከየጥፍአ፣ ካብ ውሉድ ናብ ወለዶ ክመሓላለፍ ጸኒሑ ኣሎ። ስለ'ዚ ድማ ህልው ኩነታት ሃገርና ብዝግባእ ንምግንዛብን ቅኑዕ ናይ መጻኢ ትልሚ ንምቕያስን፣ ናይ ዝተፈላለዩ ገዛእቲ ጽልዋ ጥራይ ዘይኮነስ ናይ ኤርትራዊ ሕብረተሰብ ውሽጣዊ ዳይናሚክን ኣመዓባብላን ምርዳእ ወሳኒ'ዩ።

ኣብ ኤርትራ ንልዕሊ ሓምሳ ዓመታት ዝጸንሐ መግዛእቲ ኢጣልያ ንኤርትራዊ ሕብረተሰብ ብስሩን ንኹሉ ክፋላቱ ብማዕረን ኣይቀየሮን'ምበር፣ ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ነባሪ ለውጢ ከምዘምጸአ ዝከሓድ ኣይኮነን። መግዛእቲ ኢጣልያ፣ ከም ኩሉ ኤውሮጳዊ መግዛእቲ፣ ሓይሉ ብዘፍቅደሉ ዶባት ኤርትራ ብምሕንጻጽን ንኹሉ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዶባት'ዚ ዝነበረ ህዝብታት ኣብ ትሕቲ ሓደ ምምሕዳር ብምእታውን ንታሪኽ ኤርትራ ሓድሽ መኣዝን ኣትሒዝዎ'ዩ። ብኢጣልያዊ ክእለት፣ ግን ከኣ ብቐንዱ ብኤርትራዊ ሃብትን ጉልበትን፣ ከተማታት፣ ወደባት፣ ጽርግያታት፣ መገዲ ባቡር፣ ፋብሪካታትን ዘመናዊ ሕርሻታትን ብምስራሕ፣ ግዱድ ዕስክርና ብምትእትታው፣ ካብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ኤርትራ ዝመጹ ደቀባት ዝፋለጥሉ፣ ሓበራዊ ተመክሮ ዘጥርይሉ ኩነታት ፈጢሩ። መጠን'ዚ ጽልዋ'ዚ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዝፈላለ፣ ሓደ ሓደ ቦታታት ድማ ዳርጋ ዘይተተንከፈ ይኹን'ምበር፣ እቲ እናዓበየ ዝኸደ ሓድሕዳዊ ምውሳእ ኤርትራውያንን፣ እቲ መመሊሱ ዝኸፍአ ኢጣልያዊ ጭቖናን ዓሌትነትን ከም መልሰ ተግባር ዝተቐልቀለ ኤርትራዊ ተቓውሞን፣ ዘርኢ ኤርትራዊ ሃገራዊ ንቕሓት ዘሪኡ'ዩ። ኣብ መኸተምታ መዋእል ኢጣልያዊ መግዛእትን ምምጻእ እንግሊዛውያንን፣ ብስም ማሕበር ፍቕሪ ሃገር፣ እቲ ቀዳማይ ዘመናዊ ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ማሕበር ምምስራቱ ነዚ ዝምስክር ኢዩ።

ወተሃደራዊ ምምሕዳር ብርጣንያ ናይ ግዝያውነት ባህሪ ዝነበሮን ነዊሕ ዘይጸንሐን ብምንባሩ፡ ዝገደፎ ኣሰር ዝተወሰነ'ዩ። ዕድል ትምህርቲ ኣብ ርእሲ ምስፋሕ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስን ርእይቶኻ ምግላጽን'ኳ እንተፍቀደ፡ ሜላ "ፈላሊኻ ግዛእ" ብምጥቃም ንኤርትራውያን ክመቓቕል ጽዒሩ፡ ነቲ ስዒቡ ዝመጸ ንህዝቢ ኤርትራ መሰል ርእሰ ውሳኔ ዝሓረመ ውዲት ኢትዮጵያን ኣሜሪካን ድማ ባይታ ጸሪጉ'ዩ። ንቡዙሓት ቁጠባዊ ትካላትን ትሕተ - መዋቅራትን ኤርትራ ከኣ ኣዕንዩ። ኣብ ግዜ መግዛእቲ ብሪጣንያ፡ እቲ ውልዶ ኤርትራዊ ሃገራዊ ምንቅስቓስ፡ ነቲ ኣንጻር ኤርትራ ዝተፋሕሰ ውዲት ክገጥም ይኽን፡ ንነብሱ ካብ ምክፍፋል ክድሕን ስለዘይከኣለ፡ እቲ ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ብሕሰሙ መወዳድርቲ ዘይብሉ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ስዒቡ።

ኣብ መጀመርታ፡ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ብቐጥታን ብግህዶን ኣይተመስረተን። ምኽንያቱ፡ እቲ ውሽጣዊን ግዳማውን ኩነታት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ቀጥታዊ ግዝኣት ኢትዮጵያ ክትኣቱ ኣየፍቀደን። ስለ'ዚ፡ ብጉልባብ እቲ ተበግሶ ኣመሪካ ብሕቡራት ሃገራት ዝተወሰነ ፌደረሽን፡ እቲ ንኤርትራ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ኢትዮጵያ ዘእተወ መስርሕ ብ1952 ጀሚሩ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ (1952-62) ጎድኒ-ጎድኒ ምፍሓቑ ውሽጣዊ ናጽነት ኤርትራን ደፋእታዊ ምስፍሕፋሕ መግዛእቲ ኢትዮጵያን ምዕባይ ሃገራዊ ተቓውሞ ኤርትራውያን ተራእዩ። እቲ ኣብ ኣርባዓታት ዝጀመረ ሃገራዊ ቃልስና፡ ብምጅማር ምንቅስቓሳት ሰራሕተኛታትን ተማሃሮን፡ ብቐንዱ ድማ ብምምስራትን ምዕባይን ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ማሕበር ሸውዓተ)፡ ኣብ ኣወዳድባኡን ሃገራዊ ትሕዝትኡን ርኡይ ምዕብለ ምርእዩ፡ ሓደ ካብ'ቶም ናይ'ዚ እዋን'ዚ ዝዓበየ ፍጻሜታት ኢዩ ኔሩ።

መግዛእቲ ኢትዮጵያ ናይ ሓንቲ ብኹሉ መለክዒታት ካብ ኤርትራ ዝደሓረት ሃገር መግዛእቲ ብምንባሩ ኣብ ኤርትራ ዘዕነዎን ዘበላሸዎን'ምበር ዝሃነጾን ዘመሓየሾን ነገር ኣይነበረን። ኣብ ፖለቲካን ቁጠባን፡ ማሕበራዊ ህይወትን ባህልን፡ ንኤርትራ ንድሕሪት ንምምላስ ብዘይምስልካይን ብሓርፋፍ ጎነጽን ሰሪሑ። ኣብ ኤርትራ ክጥጥዕ ጀሚሩ ዝነበረ ተኽሊ ፖለቲካዊ ደሞክራሲ ምሕዩ፡ ዘመነ ሕሱም ምልኪ ኣምጺኡ። ንቑጠባን ትሕተ-ቅርጽን ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ኤርትራ ዓነውነው ብምባል 30 -40 ዓመት ንድሕሪት መሊሱና። እቲ ዝኸፍኣን ንምፍዋሱ ዝበርተዐን ዝነውሐ ግዜ ዝወስድን ሓድጊ መግዛእቲ ኢዮጵያ ግን እቲ ኣብ ሕብረተሰብና ዘስረቦ ድሑርን ኣነዋርን ባህሊ ገዛእቲ ኢትዮጵያ'ዩ። እቲ ከም መላለዩ ኤርትራዊ ባህሊ ንቖጽሮን ንኾርዓሉን ዝነበርና ትግሃት፡ ቅንዕና፡ በብሞያኻ ዝበለጸ ስራሕ ንምስራሕ ምዕጣቕ፡ ሓርኮትኮት ምባል፡ መሃዝነ፡ ካብ ሰብ ምጽባይ ዝዓበየ መርገም ብጸዕርኻ ምንባር ድማ ዝዓበየ ጸጋ ምቁጻር፡ ተዳኺሙ፤ ጉቦ፡ ምጥፍፋእ፡ ብሕማቕ ስራሕን ትሑት ኣገልግሎትን ዝዓበየ መኽሰብ ንምርካብ

*ህርድግ ምባል፡ ጸጋዕተኝነት፡ ኩሉ ነገር ክግበረልካን ክወሃበካን ምጽባይ፡ ኣውራ ኣብ ከተማታት ነጊሱ።*

*ኢትዮጵያ ነታ ካብኣ ትምዕብልን ትስልጥንን ኤርትራ ኣብ ትሕቲ መቊረንታ ከተእትዋን ንኣርባዓ ዓመታት ዝኣክል ግዜ ድማ ክትገዝኣን ዝኸኣለት ብዓቕማ ዘይኮነስ፡ ብደገፍ ዓበይቲ ሓይልታት ዓለም፡ ቅድም ኣመሪካ፡ ዳሓር ድማ ሕብረት ሶቭየት ኢዩ።* *እዚ ግዚፍ ደገፍ'ዚ ንዕምሪ መግዛእቲ ኢትዮጵያን ንሕሰም ህዝቢ ኤርትራን ኣናዊሕዎ፤ ንዝተኸፍለ ዋጋ ሓርነት ከኣ ኣዝዩ ኣዕብይዎ። ብመንጽሩ እዚ ንኢትዮጵያ ዝተዋህበ ዘይተኣደነ ሓገዝን ተነጽሎ ሰውራ ኤርትራን፡ ናብ ውሽጢ ናብ ዓቕሚ ሃገርን ህዝብን ንምጥማት ስለዝሓገዘ፡ ናይ ፖለቲካን ስራሕን መሃዝነት ስለዘተባበዐ፡ ብዘይ ምግናን ሓደ ካብቶም ዝማዕበሉ ሓርነታዊ ምንቅስቓሳት ዓለም ኣብ ኤርትራ ክፍጠርን ክምዕብልን፡ ንምህናጽ ሃገር ኣብ ኤርትራ ዓቢ ኣበርክቶ ክገብርን ሓጊዙ።*

*ሓርነታዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ካብ መፈለምታኡ ኣይኮነን ምዕቡል ኔሩ። ኣብ 1961 ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ከበስር ከሎ፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰንደቕ ሃገራዊ ቃልሲ ብምልዓል ሃንቀውታ ህዝቢ ኤርትራ'ኳ ኣንተንጸባረቐ፡* *ኣተሓሳስብኡን ኣከያይድኡን ንስምረት ህዝቢ ኤርትራ። ንምህናጽ ሃገር፡ ንምዕዋት ሃገራዊ ቃልሲ ዝሕግዝ ኣይነበረን።* *ዝዓበየ ጉድለቱ ኣብ ክንዲ ንኹሉ ኤርትራዊ ንምኽታት ዝሰርሕ፡ ኣብቲ ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዘሎ ኤትኒካዊ፡ ሃይማኖታውን ኣውራጃውን ፍልልያት ምጥሓሉን ንዓኡ ምክዋሱን'ዩ። ካብ 1961 ንደሓር ኣብ ፖለቲካዊ ሜዳ ኤርትራ ብዙሕ ምዕባሌታት ተራእዩ'ኳ እንተሎ፡ ንጸቢብ ፖለቲካዊ መኸሰብ ፍልልያት ህዝቢ ኤርትራ ንምግፋሕን ጸቢብ ስሚዒታት ንምስዋር ምፍታንን ብሓዊ ምጽዋትን ገና ኣይተረፈን ዘሎ።*

*ነዚ ናይ ምፍልላይ ፖለቲካ ብዝለዓለ ደረጃ ዝሰርሕሉ ገዛእቲ ኢትዮጵያ ኢዮም። ብዓረርን ሓውን ጥራይ ንህዝቢ ኤርትራ ከሰንፍዎ ከምዘይክእሉ ቀልጢፎም ስለዝተገንዘቡ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ክገማምዑ ኣንጻር ሓድሕድ ከሰልፉን ከዋጋኡን ክሳብ'ታ መዓልቲ ዕርበቶም ጽዒሮም። ኣብ ስሳታት ቤተ-ክርስትያን ገዲፎም መሳጊድ ኣቃጺሎም፤ ዳሓር ተጣበቕቲ መታሕት ክመስሉ ፈቲኖም። ነዚ ከም ዓቢ ፖለቲካ ሒዞም ከኣ ኣብ ምሉእ ሃገር ክሳብ'ቲ ዝተሓተ ኣቃውማ እናወረዱ፡ ዓዲ ምስ ዓዲ፡ ኣብ ውሽጢ ዓዲ'ውን ከይተረፈ ህዝቢ ንምፍላይ ዝከኣሎም ጽዒሮም ሓሊፎም።*

*ሓርነታዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ፡ ብፍላይ ድማ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ናይ ጸላእን ናይ ዝጠፈሹ ኤርትራውያንን ናይ ምፍልላይ ዉዲት ኣብ ምፍሻል፡ ሃገራውነትን ሓድነትን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምኹስኳስ፡ ሃገርነት ኣብ*

**ምህናጽ ዓቢ ኣበርክቶ ጌሩ'ዩ።** *ህዝባዊ ግንባር ንኹሎም መግዛእቲ መሪርዎም ናጽነት ሃረር ዝበሉ ኤርትራውያን፡ ብዘይ ኣፈላላይ ሃይማኖት፡ ቋንቋ፡ ቀቢላ፡ ደርብታትን ጾታን፡ ናይ ቃልሲ መድረኽ ፈጢሩን ኣሳቲፉን። ኣብ ገጠርን ከተማን፡ ኣብ ከበሳን ቆላን፡ ኣብቲ ኣዝዩ ዝተገለለ ቁሽታት ደንበታትን ዝመጹ ኣማኢት ኣሻሓት ኤርትራውያን ኣብ ሓደ ዓቢ ብመምከኺ ቁራዕጪ (Melting Pot) ኣኪቡ፡ ኤርትራዊ ሃገራውነት ከምዝምዕብልን ዝድልድልን፡ ንኹሉ'ቲ ጸቢብን ከፋፋልን ስምዒታት ዝሰገረ ሃገራዊ ሓድነት ባይታ ከምዝረክብን ከምዝምዕብልን ጌሩ። ማዕርነት ኩሎም ዜጋታት ሚሂሩን ተግቢሩን። ኣብ ኩሉ ፖሊሲታቱን ተግባራቱን ንሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ምህናጽ ሃገርነትን ኮስኲሱ።*

ብታሪኽ ሓደ ዘበን፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብመግዛእታዊ ተሞክሮ ብቐንዱ ከኣ ብናይ ገዛእ ርእሱ ታሪኻዊ ድሌትን ንጥፈትን ብቡዙሓት ኤትኒካውን ቋንቋኣውን ጉጅለታት፡ እምነታትን ባህልታትን ዝቆመ፡ ሓደ ህዝቢ ሓደ ሃገር ክኸውን ክኢሉ ኣሎ። መስርሕ ሃገር ሙኹን ነዊሕን ዝተሓላለኸን ስለዝኾነ ግን፡ ሽሕ'ኳ መሰረታት ኤርትራዊ ሃገራውነት ብነዊሕ ሃገራዊ ሓርነታዊ ቃልስና ደልዲሉ ተሰሪቱ እንተሎ፡ ጌና ኣይተዛዘመን። ምስ ምህናጽ ሃገርን ሃገራውነትን ዘየሳኒ ትሕተ ሃገራዊ ናይ ወገንን ሃይማኖትን ጉጅላዊ ስምዒታት ተዳኺሙ'ኳ እንተሎ ኣይበለየን። ሓርነታዊ ሰውራና፡ ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ንመጀመርታ ግዜ፡ ንዳርጋ መላእ ኤርትራን ህዝባን'ኳ እንተለኸየን እንተኣሳተፈን፡ እቲ ተሳተፍነት ዝተዳረገ ኣይነበረን። ብበበይኑ ምኽንያታት ተሳታፍነቱ ውሱን ዝጸንሐ ክፍልታት ሕብረተሰብ ኤርትራ ኣይተሳእነን። እዚ ረቛሒታት'ዚ ከኣ ንመስርሕ ምህናጽ ሃገር ከም ዘካብዶ ፍሉጥ'ዩ።

ይኹን'ምበር፡ ካብ ነዊሕ ዝጸንሐ ብሓባርን ብስኒትን ምንባር ዝመበገሲኡን ኣብ ነዊሕ ሃገራዊ ቃልሲ ዝደልደለን ሓድነት፡ ንህዝቢ ኤርትራ ካብቶም ዝተረረ ሓድነት ዘለዎም ተመሳሳሊ ኣቃውማ ዘለዎም ሕብረተሰባት ይገብሮ። ሳላ'ዚ ሓድነት'ዚ ዓወት ተረኺቡ፡ ኣብ ናጻ ኤርትራ ሰላምን ርግኣትን ሰፊኑ። ኣቃውማ መንግስቲ ኤርትራ ድማ ነዚ ሰፊሕ ሓድነት'ዚ ዘንጸባርቕን ንዕኡ ዘደልድልን ኢዩ።

ጉዕዞ ሚእቲ ዓመት ህዝቢ ኤርትራ ብሕጽር ዝበለ ኣገባብ ዳህሲስናዮ። ኣብዚ ሓደ ዘመን'ዚ ህዝቢ ኤርትራ ባህርያዊ ታሪኻዊ ጎዕዞኡ ተኾሊፉ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኣትዩ፤ ናይ መግዛእቲ ጭቆናን እቲ ዝኸፍአ መልክዕ ፋሺስታዊ ዓሌትነትን ፈቲኑ። ከምኡ ግዙኣት ህዝብታት መሰል ናጽነት ክፍቀደሎም ከሎ መሰሉ ተነፊጉ። ከምኡ ሓርነታዊ ቃልሲ ዘካየዱ ጭቁናት ህዝብታት ንዓወቶም ኣዝዩ ዝሓገዘ ሰፊሕ ኣህጉራዊ ደገፍ ክረኽቡ ከለዉ፡ ህዝቢ ኤርትራ ዘረይቲ እናተበራረይሉ፡ ኣጆኻ ዝብሎ ዘይብሉ፡ ምግዳሉ ዕሽነትን ዕንደራን እናተቖጸረ ቃልሱ ክቕጽል ተገዲዱ።

ኣብዚ ንዝኾነ ህዝቢ ኣዝዩ ተሪር ዝኾነ ፈተነ'ዚ፡ ህዝቢ ኤርትራ ተዓዊቱ ወጺኡ ኣሎ። እቲ ብርቱዕ ሓዊ ኣየምከኾን፡ ኣትሪርዎን ኮሊዕዎን። ናጽነትን ልዑላውነትን ኤርትራ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ሕድገት፡ ብዘይ ምሽርራፍ፡ ኣረጋጊጹ። ኣብ ብዙሓት ሃገራት ናጽነት ዝተናወሐ ዘይምርግጋእ፡ ሓደ ሓደ ግዜ'ውን ኲናት ሓድሕድ ከኸትል ከሎ፡ ኣብ ኤርትራ ሳላ ብቓልሲ ዝተረረ ሃገራዊ ሓድነትን ብሱል ፖለቲካዊ ኣተሓሕዛን፡ ሰላምን ርግኣትን ሰፊኑ፡ ሰፊሕ ሰረትን ተቐባልነትን ዘለዎ ናይ መሰጋገሪ እዋን መንግስቲ ቆይሙ ኣሎ። ምስግጋር ኣብ ዝኾነ ሃገር ብርቱዕን ዝተሓላለኸን ምኳኑ ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ ኤርትራ ነቲ ናይ ምስግጋር እዋን ግድላት ብተዘማዲ ዝሓሸን ዝቐልጠፈን ፍታሕ እናረኸበት፡ ብዓቢ ተስፋን ተስፋ ዝህብ ኣገባብን ናብቲ ዝጽበያ ዝኸበደን ዝዓበየን ታሪኻዊ ብድሆ፡ ምህናጽ ስልጡንን ራህዋ ዝሰፈኖን ሕብረተሰብ ተማዕዱ ኣላ።

ኣብዚ ብቡዙሓት ዘይሕሰብን ዘይሕለምን ዝነበረ፡ ብኣፈጻጽምኡን ክሳብ ናይ ሕጂ ኣካይድኡን ሒዝዎ ዘሎ ኣንፈትን ድማ ሒደት መወዳድርቲ ዘለዎ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ዓቢ ዓወት፡ ዝዓበየ እጃም ዘበርከተ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ'ዩ ምባል፡ ናይ ታሪኽ ምስክርነት ምሃብ ጥራይ'ዩ። *ብረታዊ ተጋድሎ ኤርትራ ኣብ መወዳእታ ስሳታትን መጀምሪያ ሰብዓታትን ኣብ ቅልውላው ኣትዩ ናብ ስዕረት ኣብ ዝተገማገመሉ እዋን ሓድሽ ህይወት ዝሃቦ ምምስራት ህዝባዊ ግንባር'ዩ።* ብሶቭየት ዝተደገፈ ዝዓበየ ሰራዊት ኣብ ጸሊም ኣፍሪቃን ወራራቱን ብዝተናወሐ ህዝባዊ ኲናት መኪቱ ድሕነት ሰውራ ዘረጋገጸ፡ ኣብ መወዳእታ ታሪኻዊ ወተሃደራዊ ዓወት ዘመዝገበ፡ ሰፊሕ ተሳታፍነት ህዝቢ ኤርትራ ክዉን ዝገበረን ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር ዝመስረተን፡ ናጽነት ኤርትራን መጻኢ ኣህጉራዊ ዝምድናታታን ጽኑዕ መሰረት ዘትሓዘን ህዝባዊ ግንባር ኢዩ።

ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ነቲ ዝተበገሰሉ መሰረታዊ ዕላማታት- ናጽነትን ሰላምን ኤርትራ- ኣብ መፈጸምታኡ ኣብጺሕዎ ተዓዊቲ ኢዩ። ከም ሓርነታዊ ግንባር፡ ተልእኽኡ ብኣንጸባራቒ ዓወት ፈጺሙ'ዩ። ሽሕኳ ህዝባዊ ግንባር፡ ንናጽነት ኤርትራ ከም ቅድመ- ኩነት ንምህናጽ ፍትሕን ራህዋን ዝሰፈኖ ደሞክራስያውን ስልጡንን ሕብረተሰብ እምበር ከም ደምዳሚ ዕላማ ርእይዎ ዘይፈልጥ እንተኾነ፡ ከም ንኹሉ ክፍልታት ህዝቢ ኤርትራ ዝጠርነፈ፡ ድልዱል ሓድነትን ሃብታም ተመክሮን ዘለዎ ፖለቲካዊ ውድብ ድማ፡ ኣብ ምህናጽን ምዕማርን ምስልጣንን ኤርትራ ዓቢ ኣበርክቶ ክገብር ዝኽእል'ውን እንተኾነ፡ እዚ ሓድሽ መድረኽን ዝጽበየና ዘሎ ሓደስቲ ብድሆታትን ሓድሽ መልክዕ ውዳቤን ውድባዊ ኣሰራርሓን ኣመራርሓን ዝሓትት'ዩ።

እዚ ሓድሽ ውዳቤ'ዚ ካብቲ ዝሓለፈ ሃብታም ተመክሮ ዝተነጸለ ክኸውን ኣይክእልን'ዩ። ኣብ ልዕሊ'ቲ ህዝባዊ ግንባር ዘቖሞ ድልዱል መሰረት ክሃንጽ ኣለዎ። ንኹሉ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ተመክሮና ዘረጋገጽናዮ መኸሰባት፡ ዘማዕበልናዮ

ኣብነታዊ ፖሊሲታትን ልምድታትን ክወርሶን ከደንፈዖን፡ ብመንጽሩ ድማ ንዝጸንሓና ድኻማትን ሕጽረታትን ከወግድ፡ ምስዚ ሓድሽ መድረኽን ዕማማቱን ዝሳነ ፖለቲካዊ ፕሮግራም፡ ውድባዊ ቅርጺ፡ ኣገባብ ስራሕን ኣመራርሓን ክማዕብል ኣለዎ። ኣቃውማ ሕብረተሰብናን ዝርከበሉ ደረጃን፡ ምህሮታት ዝሓለፈ ተመክሮናን ተመክሮታት ሃገራት ሳልሳይ ዓለምን ኣብ ግምት ብምእታው፡ እዚ ውዳቤ'ዚ ሃናጽን ንዕማማት ናይዚ ሓድሽ መድረኽ ንምፍጻም ብቑዕ ምእንቲ ክኸውን፡ ጸቢብ ዝሰረቱ ሰልፊ ዘይኮነስ፡ ንኹሎም ሃገራውያንን ደሞክራስያውያንን ኤርትራውያን ክሓቁፍ ዝኽእል ሰፊሕ ምንቅስቓስ ክኸውን ኣለዎ። ኣባላት ህዝባዊ ግንባር ሎሚ'ውን ንስልጣኔን ዕቤትን ናይታ ናጽነት ንኽትለብስ ከቢድ መስዋእቲ ዝኸፈሉላ ኤርትራ፡ ንምምሕያሽ መነባብሮ ናይቲ ዝተወጸዐ ክፍልታት ህዝቢ ኤርትራ ንምስራሕ ገና ሓያልን ጽንዑን ተወፋይነት ስለዘለዎም ናይዚ ምንቅስቓስ'ዚ ንጡፋት ተዋሳእቲ ክኾኑ ባህርያዊ'ዩ። ብኣመዓባብላ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ወይ ብኻልእ ምኽንያታት ካብ ህዝባዊ ግንባር ወጻኢ ዝጸንሑ ፈተውቲ ሃገርን ህዝብን ፍትሕን'ውን ከምኡ።

ኣብዚ ሓድሽ ናይ ሃገር ምህናጽ--ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን ምህናጽ-መድረኽ፡ መጻኢ ጉዕዞና ብብቕዓት ዝኣልን ዘዐወተናን ሰፊሕ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ንምህናጽ ኣብ እንብገሰሉ እዋን፡ መሰረታዊ ዕላማታትናን ናብኡ ንበጽሓሉ መገድን ከነነጽር ይግበኣና። ኣብቲ ዝሓለፈ መድረኽ፡ ምስ ኩሉ ብርታዐኡን ሓደጋታቱን ዝተዓወትና፡ ከም ሓርነታዊ ምንቅስቓስን ህዝብን ብዛዕባ'ቲ ክንበጽሖ ንደሊ ሸቶ ናጽነትን ሰላምን ንጹር መረዳእታ፡ ሓበራዊ ራእይ (Vision) ስለዝነበረና'ዩ። ሎሚ'ውን ብዛዕባ መጻኢ ኤርትራን ህዝባን ራእይ ክህልወና ኣለዎ፤ እዚ ራእይ'ዚ ኣብ ልብን ሃምን ንፍስወከፍ ኤርትራዊ ሰሪጹ ንምዕዋቱ ተወዲቡ ከም ዝቃለስ ምግባር ድማ ቀዳማይ ዕማምና ክኸውን ይግባእ።

# ራእይና ንመጻኢ ኤርትራ

እቲ ኣብዚ ሓድሽ መድረኽ ከም ሃገርን ህዝብን ሃንቀው ንብሎ፡ ከምቲ ሕልሚ ሰላምን ናጽነትን ጋህዲ ዝገበርና ጽባሕ ጋህዲ ንኽከውን ጽባሕ ንሓልሞ፡ ብሓጺሩ ራእይና እንታይ'ዩ?

ራእይና፡ ኤርትራ፡ ሰላም ፍትሒ፡ ደሞክራሲ፡ ራህዋ ዝሰፈና ሃገር ክትከውን ኢዩ። ራእይና፡ ጥሜት ድኽነት መሃይምነት ካብ ኤርትራ ምውጋድ'ዩ። ራእይና፡ ሕብረተሰብ ኤርትራ መንነቱን ፍሉይነቱን ዓቂቡ፡ እቲ ብሉጽ ስድራቤታውን ኮማውን ምትሕልላይ ኣማዕቢሉ፡ ብቁጠባን ትምህርትን ተክኖሎጅን ምስተን ዝማዕበላ ሃገራት ክስራዕ'ዩ። ራእይና ሕብረተሰብ ኤርትራ ብስኒት ኣብ መንጎ ዝተፈላለየ ክፍልታቱ፡ ብማዕርነት ኣብ መንጎ ወዲተባዕታይን ጓል ኣንስተይትን፡ ብፍቕሪ ሃገርን ሰብኣዊ ሓልዮትን፡ ብዲሲፕሊንን ስራሕን ፍትወት ፍልጠትን፡ ብምኽባር ሕግን ስነስርዓትን፡ ብናጽነትን መሃዝነትን ዝልለ ክኸውን'ዩ። ራእይና ከም ኣብ ሓርነታዊ ኲናት ኣብ ሰለማዊ ምህናጽ ተኣምር ምስራሕ'ዩ።

## ራእይና ኣብ ሽዱሽተ መሰረታዊ ዕላማታት ክጽሞቕ ይኽእል፡-

1. **ሃገራዊ ስኒት--** ህዝቢ ኤርትራ ብዘይ ኣፈላላይ ወገን፡ ቀቢላ ቋንቋ፡ ሃይማኖት፡ ጾታ፡ ደርቢ፡ ብኤርትራውነቱ ተሓቢኑ ብስኒት፡ ብሰላም፡ ብቕሳነት ክነብር፤

2. **ፖለቲካዊ ደሞክራሲ--** ህዝቢ ኤርትራ መሰሉ ብሕግን ብግብርን ከቢሩ፡ ኣብ ምምሕዳርን ምክያድን ህይወቱን ሃገሩን፡ ኣብ ኩሉ ጽፍሕታትን ሜዳታትን፡ ንጡፍ ተሳታፍን ወሳንን ክኸውን፤

3. **ቁጠባውን ማሕበራውን ምዕባለ--** ኤርትራ ብቁጠባ፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፡ ትምህርቲ፡ ስነኪነት፡ ደረጃ መነባብሮ፡ ክትምዕብልን ክትግስግስን፤

4. **ማሕበራዊ ፍትሒ (ቁጠባውን ማሕበራውን ደሞክራሲ)--** ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ምዕሩይ ኣተዓዳድላ ሃብትን ኣገልግሎታትን ዕድላትን፡ ፍሉይ ቆላሕታ ንዝተወጽዑ ወገናትን ክህሉ፤

5. **ባህላዊ ትንሳኤ--** ሃብታም ባህላዊ ውርሻናን ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ዘማዕበልናዮ ስልጡን ልምድታትን መሰረት ብምግባር፡ ፍቕሪ ሃገር፡ ኣኽብሮት ወዲ ሰብ፡ ማዕርነታዊ ምሕዝነት ደቀኣንስትዮን ደቂተባዕትዮን፡ ፍትወት ሓቅን ፍትሕን፡ ምኽባር ሕጊ፡ ፍቕሪ ስራሕ፡ ርእሰ ምትእምማን፡ ርእሰ ምርኮሳ፡ ክፉት ኣእምሮን መሃዝነትን ዝመለለይኡ ኤርትራዊ ባህሊ ክምዕብል፤

6. **ዞባውን ኣህጉራውን ምትሕብባር--** ኤርትራ ምስ ጎረባብታ ብስኒትን ምትሕብባርን እናነበረት፡ ንዞባውን ዓለማውን ሰላምን ጸጥታን ልምዓትን ብዓቕማ እተበርክት፡ እተኽብር ኣባል ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ክትከውን፤

ሓድሽ ሕልምናን ተልእኾናን እዚ'ዩ። ቀሊልን ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ዘይፍጸም ምኻኑ፡ ነዊሕ ግዜ ሓያል ተወፋይነትን፡ ብርቱዕ ስራሕን ቀጻሊ መሃዝነትን ከምዝሓትት ዘተራጥር ኣይኮነን። ጋህድን ክዉንን ክኸውን ከምዝኽእል ከኣ ማዕሪኡ ዘየጠራጥር ኢዩ።

ነዚ ሓድሽ ተልእኾና ንምፍጻም ኣብ ንብገሰሉ እዋን ካብ ሃብታም ተመክሮ ሓርነታዊ ቃልስና ብዙሕ ክንመሃር ንኽእል ኢና። መጻኢ ጉዕዞ ሃገርናን ህዝብናን ብደንበርበር ክኸይድ ስለዘይብሉ፡ ንድሕሪት ተመሊስና ተመኩሮና ምውካስን ካብኡ ኣድላይ ምህሮታት ምውካስን ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ። እቲ ናብ ዓወት ዘብጸሓና መሰረታዊ መትከላትን ኣረኣእያታትን፡ ሕጂ'ውን ሃገርና ንምህናጽን ፍትሕን ራህዋን ንምንጋስን ከም መሰረት ክንወስዶ ኣሎና።

እዚ ከም ናይ ስራሕናን ጻዕርናን መርሓ ሕንጻጻት ንወስዶ መትከላት፡ ሃገራዊ ሓድነት፡ ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ። ወሳኒ ተራ ሰብ፡ ምውሳብ ሃገራውያን ማሕበራውያን ቃልሲ፡ ርእሰ ምርኮሳ፡ ጽኑዕ ምትእስሳር ህዝብን መሪሕነትን ኢዩ። በብሓደ ንርኣዮ፡-

1. **ሃገራዉ ሓድነት--** ንኹሉ ከፋፋሊ ትሕተ-ሃገራዊ ስምዒታትን ተግባራትን ነጺግና ብሓድነት ንኤርትራን ህዝባን ኣሚና፡ ምእንቲ ሓደ ሃገራዊ ዕላማ ተወፊና፡ ንመላእ ህዝብና ኣብ ሓደ ዕላማ ኣስሚርና እንተዘይንቃለስ ኤርትራ ብርግጽ ነጻ ኣይምኾነትን። ኣብ ተመክሮ ሓርነታዊ ብረታዊ ቃልስና ኣብቲ መጀመርታ መድረኽ--1960-ታት --እቲ ቃልሲ ሃገራዊ ኣመራርሓን ኣወዳድባን ስለዘይነበሮ ኣብ ቅልውላውን ምንቁልቋልን ኣትዩ ናብ ስዕረት ተገምጊሙ ምንባሩ ዓቢ ተመክሮ'ዩ። እቲ ቓልሲ፡ ነዚ ሓደገኛ ተመክሮ ሰጊሩ፡ ብሃገራዊ ፖለቲካዊ መስመርን መሪሕነትን ተመሪሑ፡

ኤትኒካውን ማሕበራውን መበቆሎምን ጸታኦምን ብዘየገድስ ካብ መላእ ኤርትራ ዝመጹ ኣማኢት ኣሻሓት ኤርትራውያን ወዲቦ ስለዘሳተፈ ግን ኣብ መወዳእታኡ ተዓዊቱ።

ሎሚ'ውን ሓድነትን ማዕርነትን ተሳትፎን ኩሉ ክፍልታት ሕብረተሰብ ኤርትራ መሰረት ኩሉ መደባትና ክኸውን ግድን ኢዩ። ኩሉ ክፍልታት ሕብረተሰብና ኣብ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን ህይወት ሃገሩ ተሳታፊ እንተዘይኮይኑ፡ መንግስቲ ከም ንገለ ዝቐርብ ንኻልእ ዝርሕቕ እንተተወሲዱ፡ ንኤርትራ ክንሃንጽን ክነማዕብልን ይትረፍ፡ ነዚ ረኺብናዮ ዘሎና ሰላምን ርግኣትን'ውን ክንዕቅብ ኣይንኽእልን ኢና።

ሳላ ነዊሕ ተምክሮን ዝተኸፍለ መስዋእትን ሎሚ ናጻ ኤርትራ ድልዱል መበገሲ ዝኾና ሃገራዊ ሓድነት ኣለዋ። ግን ከም ኩሉ ነገር ንድሕሪት ከይምለስ ብጥንቃቐ ምዕቃቡን ምምዕባሉን የድሊ። ካብ እዋን ኵናት ብዝተፈልየ ኣብ እዋን ሰላም ሓድነት በብቑሩብ እናፈሓቁ ዘዳኽሙ ዝምባሌታትን ኣተሓሳስባታትን ከምዝቕልቀሉ ርዱእ ስለዝኾነ፡ ሻላ ከይረአና ክንዋግኦም ኣለና። ኪኖ'ዚ ግን ሃገር ምዃን (nationhood): ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ባህላዊ መዳያት ዘለዎ ነዊሕን ዝተሓላለኸን ታሪኻዊ መስርሕ ስለዝኾነ፡ ከም ኣብ ካልኦት ሃገራት ሳልሳይ ዓለም እዚ መስርሕ'ዚ ገና ስለዘይተዛዘመን፡ ሃገራውነት ኤርትራን ሓድነት ህዝባን ምምዕባልን ምድልዳልን ናይ'ዚ መድረኽ'ዚ ዝዓበየ ዕማምና ቆጺርና ክንሰርሓሉ የድሊ።

ሃገራዊ ሓድነት ንኽምዕብልን ንኽድልድልን ትካላዊ ውሕስነት የድልዮ። ስለ'ዚ፡ ብቐዳምነት፡ ሓድነትን ማዕርነትን ህዝቢ ኤርትራ ዘረጋግጽ፡ ንኹሉ ትሕተ ሃገራዊ ስምዒታትን ተግባራትን ዝነጽግ፡ ሃገራዊ ረብሓ ልዕሊ ኩሉ ዝሰርዕ፡ ንኹሉ ክፍልታት ሕብረተሰብ ኤርትራ ዘሳትፍ ሃገራዊ መንግስቲ ምህናጽ የድልየና። ኩሉ ፖለቲካዊ ትካላት ኣብ ሃገራዊ መሰረት ክህነጽ፡ ኩሉ ጉጅለዊ (Sectarian) ፖለቲካዊ ኣንፈታትን ተግባራትን ከኣ ብመሰረቱ ክንጸግ ይግባእ። ኣብ ኤትኒካውን ወገናውን መበቆል ዝተመስረተ ኩሉ መልክዓት ኣድልዎን ዕብለላን ብመሰረቱ ንጹግ ኮይኑ፡ ባህላዊ ብዙሕነት ኤርትራ ምንጪ ሓይልን ሓድነትን ክኸውን ኣለዎ። እቲ ሃገራዊ ስርዓት ካብ ሃይማኖት ዝተፈልየን ማዕርነት ሃይማኖታት ዘኽብርን ዓለማዊ (Secular) ክኸውን ኣለዎ። ብሓጺሩ፡ ሃገራውነት መሰረት ኩሉ ፖለቲካዊ ትካላትናን ፖሊሲታትናን ክኸውን ይግባእ።

2. **ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ--** ሓርነታዊ ቃልስና ኣብ ህዝቢ ስለዝተሰረተ'ዩ ተዓዊቱ። ኣብ መንጎ እቲ ሓርነታዊ ምንቅስቓስን ህዝብን

ሰፊሕን ድልዱልን ምትእስሳር እንትዘይነብር፡ እቲ ቓልሲ ይትረፍስ ክዕወት ክሰርር’ውን ኣይምኸኣለን። ደገፍ ህዝቢ ብድፍኑ ዘይኮነ፡ ዝተወደበን ንጥፉን ተሳታፍነት ስለዝነበረ ኣድማዒ ኮይኑ። እቲ ህዝባዊ ግንባር ካብ ፈለማ ዘልዓሎን ምስ ነፍስወከፍ መድረኽ ብዝሰማማዕ ኣገባብ ዝተግበሮን ጭርሖ “ሓፋሽ ይንቃሕ፡ ይወደብ፡ ይተዓጠቕ”፡ ሓደ ካብቶም ቀንዲ መሰረታት ዓወት ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ።

ሎሚ’ውን ኣብ ንቕሓት ዝተመስረተ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ንጥፉን ውዱብን ተሳትፎ መሰረታዊ ቅድመ- ኩነት ንዓወት ናይዚ ተሊምናዮ ዘሎና ጉዕዞ’ዩ። ተሳትፎ ህዝቢ ክንብል ከለና ሓንሳብ ኣብ ውሱን ዓመታት ኣብ ዝካየድ ምርጫ ድምጺ ምሃብ ማለትና ኣይኮነን። የግዳስ፡ ህዝቢ ኣብ ኩሉ’ቲ ንህይወቱን ሃገሩን ዝትንከፍ ውሳኔታት፡ ካብ ምንቃልን ምብሳልን ሓሳባት ክሳብ ምትግባሩ፡ ክሳተፍ ኣለዎ ማለትና ኢዩ። ብዘይ ተሳትፎ ህዝቢ ልምዓት ክህልው ስለዘይክእል፡ ኣብ ብምልኡ መስርሕ መደባት ልምዓት፡ ካብ ውጥን ክሳብ ትግባሬን ገምጋምን ንህዝቢ ምስታፍ ወሳኒ’ዩ። ህዝቢ ብዘይ ውዳቤ ኣድማዒ ተሳትፎ ክህልዎ ስለዘይክእል፡ ማሕበራት ክምስርት መሰሉ ክሕሎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ክተባባዕን ክሕገዝን ኣለዎ። ተሳትፎኡ ዘረጋግጽ መድረኻትን ትካላትን ምምስራት’ውን ኣድላዪ ኢዩ።

3. **ወሳኒ ግደ ሰብ--** ምስጢር ዓወት ሃገራዊ ቃልስና ኣብቲ ንሓደ ዕላማ ነብሱ ረሲዑ ዝተወፈየ ተጋዳላይ ሰብ ኢዩ ዝርከብ። እቲ ብዓለማ ዘይከኣል ዝበለቶ ቃልሲ ኣንጻር ብሓያላት ዝተደገፈ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ከምዝክኣል ዝገበረ እቲ ዉፉይ ሰብ ኢዩ። ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሰብ-- ንፍትሓዊ ዕላማ ዝተወፈየ፡ ንቑሑን ጽኑዕን ሰብ -ካብ ሓጺነ -- መጺንን ጥረ ሓይልን ዓመጽን ከምዝሕይል ከምብሓድሽ ተረጋጊጹ ኢዩ።

ኣብ ዓለምና ወሳንነት ተራ ሰብ ዝተረጋገጸ ግን ኣብ ኲናት ጥራይ ኣይኮነን። ኣብ ምህናጽ ቁጠባ’ውን እቲ ወሳኒ ሰብ’ምበር፡ ባህርያዊ ሃብቲ፡ ርእሰማል ወይ ናይ ወጻኢ ሓገዝን ወፍርን ኣይኮነን። ውሱን ባህርያዊ ሃብቲ ከለወን ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ምዕባሌ ዝበጽሓ፡ ብኣንጻሩ ምስቲ ኹሉ ባህርያዊ ትዕድልተን ተረሚሰን ዝተረፉን ህዝበን ክዕንግላ ዘይከኣላን ሃገራት ብዙሓት’የን።

ካብ ናትናን ናይ ካልኦትን ተመክሮ እምበር፡ ኣብ ኩሉ መደባትናን ንጥፈታትናን ወሳንነት ተራ ሰብ ክነረጋግጽ ከምዘሎና ኢና ንርዳእ። ናይ ወጻኢ ሓገዝን ወፍርን ዘድልየና’ኳ እንተኾነ ንኤርትራ ንሃንጻ ብእኡ ዘይኮነስ፡ ብብርቱዕ ድልየት፡ ተጻዋርነት፡ ትግሃት፡ ናይ ስራሕ ድሲፕሊንን ክእለትን መሃዝነትን ኢዩ። ከምቲ ሓርነት ኤርትራ ብዘይ ዉፉይ ሰብ

ዘይከኣል ዝነበረ፡ ብልጽግናን ስልጣኔን ኤርትራን'ውን ብዘይ ዉፉይ ሰብ ዘይሕሰብ'ዩ።

ስለ'ዚ፡ ኣብ ናይ ምዕባሌ ስትራተጅና ኩሉ ሳዕ ሰብ ማእከላይ ቦታ ክሕዝ ኣለዎ። ናይ ሞባሌ ስትራተጅና ብቐዳምነት ኣብ ሰብ ክምርኮስ፡ ነገራውን መንፈሳውን ድሌታቱ ንምርዋይ ክዕልም ኣለዎ። ወሳኒ ተራ ሰብ ንምዕዛዝ፡ ኣብ ምዕባሌ ዓቕሚ ሰብ (ትምህርቲ፡ ስልጠና፡ ጥዕናን ንዕኡ ዝመሳሰልን) ዓቕሚ ዘፍቅደልና ትሕዝቶ ክነፍስስ ኣሎና። ብኣጠቓላሊ፡ ኤርትራዊ ዜጋ ካብ ጭቆና፡ ፍርሒ፡ ስእነትን ድንቁርናን ሓራ ኮይኑ፡ ኩሉ ሰብኣዊ ዓቕምታቱ ዘማዕብለሉን ዘረጋግጸሉን፡ ኣብ ልዕልና ሰብ ዝተመስረተ ሕብረተ-ሰብ ንምህናጽ ክንቃለስ ኣሎና።

4. **ምውሳብ ሃገራውን ማሕበራውን (ቃልሲ ንማሕበራዊ ፍትሒ)**-- ሃገራዊ ቃልሲ ንናጽነትን ማሕበራዊ ቃልሲ ንዝሓሸ መጻእን ከነጻጽል ከምዘይግባእ ተመክሮ ቃልስና ኣረጋጊጽዎ ኢዩ። ኣብ ተመክሮና፡ እቲ ሃገራዊ ቃልሲ ገስጋሲ ማሕበራዊ መርሆ ኣብ ዘይማዕበለሉ ቀዳሞት መድረኻቱ ክድንፍዕስ ይትረፍ ቀጻልነቱ'ውን ኣጠራጣሪ ኮይኑ ምንባሩ ዝርሳዕ ኣይኮነን። ሃገራዊ ቃልስና ምስ ንረብሓ ህዝቢ ዘንጸባርቕ ማሕበራዊ ቃልሲ እንተዘይዋሰብ ከኣ ንቅድሚት ክስጉምን ክዕወትን ኣይምኸኣለን።

ከምቲ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ይኹን ኣብ ልምዓት ሃገር ብዘይ ተሳትፎ ህዝቢ ፍሕት ምባል ዘይከኣል፡ ህዝቢ ኣብ መነባብሮኡ ለውጢ ንኸምጽእ ዝሕግዞ ጭቡጥ መደባት እንተዘይተሓንጺጹ ተሳትፎ ህዝቢ ክረጋገጽ ይኹን ክቕጽል ዘይሕሰብ'ዩ። ህዝቢ ዝውፈን ዝሳተፍን ብፖለቲካዊ ጎስጓስን መብጽዓን ዘይኮነስ፡ እቲ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ይኹን መንግስቲ ንረብሓኡ ከምዝሰርሕን መብጽዓኡ ክፍጽም ከምዝኽእልን ብጭቡጥ ስጉምትታትን ለውጥን ምስዝርኢ ጥራይ'ዩ። ኣብ እዋን ሰውራ፡ ዘመናዊ ኣገልግሎት ትምህርትን ጥዕናን ክዝርጋሕ፡ ተሳተፍነት ህዝቢ ዘለዎን ኣብ ንዋቱ ዝተመስረተን መደባት ልምዓት ክትግበር ምጅማሩ፡ ተሳታፍነት ህዝቢ ኣብ ምዕባይ ዝነበሮ ኣበርክቶ ቀሊል ኣይነበረን።

ገስጋሲ ማሕበራዊ ፍልስፍናን መደባትን እምበኣር ሓደ ካብ'ቶም ቀንዲ መለለይታት ሓርነታዊ ቃልስና ኢዩ። ኣብ እዋን ሰውራ፡ ኣብ ገጠራት ዝተተኸለ ህዝባዊ ባይቶታትን ማሕበራትን፡ ዝተበገሰ ምቕሉል መደባት ልምዓትን ምዝርጋሕ ኣገልግሎታትን፡ ኣብ ኩነታት ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ዝመጸ ለውጢ፡ ብሓፈሻ ምብርባር ህዝቢ ገጠር ኣብነታዊ ኢዩ። እቲ ሰውራ ካብ ኣረኣእያኡን ተመክሮኡን ዘማዕበሎ፡ ፍትወት ሓቅን ፍትሕን፡ ጽግዒ ዉጽዓት ሙኻን፡ ጭቆናን በደልን ዘይምጽዋር፡ ሰብኣዊ

መሰላትን ማዕርነትን ምኽባር ዝመለለይታቱ ሓያል ማሕበራዊ ሕልና ምጥራዩን፡ ሓያል ምትእስሳር ምስ ህዝብን ሽግራቱን ምኩስኳሱን ከኣ ካልእ ኣብነታዊ ተመክሮ ኢዩ።

*እቲ ነዚ ተመክሮታት'ዚ ዝመርሐ ፍልስፍና፡ ፍልስፍና ማሕበራዊ ፍትሒ ኢዩ።* ማሕበራዊ ፍትሒ ኣዝዩ ሰፊሕን ተመጣጥን ኣምር ብምዃኑ ንበበይኑ ኣተረጓጉማታት ክፉት'ኳ እንተኾነ። ንዓና ካብ ጭቡጥ ተመክሮና፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ማለት፡ ኣብ መንጎ ርኹባትን ዘይርኹባትን ዘሎ ጋግ ምጽባብ፡ ኩሉ ህዝቢ ርትዓዊ ብጽሒት ሃብቲ ሃገርን ተሳትፎ ኣብ ፖለቲካውን ማሕበራውን ባህላውን ህይወት ሃገርን ከምዝህልዎ ምርግጋጽ፡ ዝተመጣጠነ ምዕባሌ ምፍጣር፡ ሰብኣዊ መሰላት ምኽባርን ደሞክራሲ ምንጋስን ማለት ኢዩ። ፖለቲካዊ ደሞክራሲ ትርጉምን ድልዱል ሰረትን ክህልዎ፡ ብቁጠባውን ማሕበራውን ደሞክራሲ ክስነ ኣለዎ ማለት'ዩ።

ከም ኣብ ዝሓለፈ መድረኽ ሎሚ'ውን ህዝቢ ኤርትራ ፍትሒ እንተዘየልዩ ምርግጋእ ይኹን ብልጽግና ክመጽእ ከምዘይካል ኣሚኑ፡ ንማሕበራዊ ፍትሕን ልምዓትን ብምሉእ ዓቕሙ ከምዝብገስ ክንገብር እንተኾይና፡ ብዛዕባ ማሕበራዊ ፍትሒ ኣብ ምዝራብን ምምሃርን ከይተሓጸርና፡ ጾር'ቶም ውጹዓት ወገናት ዘቃልል፡ ንዓታቶም ዝዓበየ ዕድል ዝህብ ጭቡጥ መደባት ሓንጺጽና ቀዳምነት ሂብና ክንትርጉሞ ኣለና።

5. **ርእሰ- ምርኮሳ--** ርእሰ- ምርኮሳ ሓደ ካብ መሰረታት ዓወት ሓርነታዊ ቃልስና ኢዩ። ብደረጃ ኣተሓሳስባን ግብርን ኣብ ውሽጣዊ ኩነታትናን ዓቕምታትናን እንተዘይንምርኮስ ብርግጽ ኣይምተዓወትናን። ርእሰ- ምርኮሳ ኣብ ኩሉ ሜዳታት-ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ። ባህላዊ-መሰረታዊ መትከል ኢዩ። ኣብ ፖለቲካ፡ ናጻ መስመር ምኽታልን ንውሽጣዊ ዓቕምታት ምምርኳስን ውሽጣዊ ዓቕምታት ምምዕባልን፡ ኣብ ባህሊ ድማ፡ ኣብ ርእስኻ ምትእምማንን ንባህላዊ ውርሻታትካ ምምዕባልን ማለት ኢዩ። ርእሰ-ምርኮሳ ካብ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብን ስልጣኔን ነብስኻ ምግላልን ምንጻልን ማለት ኣይኮነን። ኣብ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ናጻን ርእሰ-እሙንን ተዋሳኢ ሙዃኑ ማለት ጥራሕ'ዩ።

ታሪኽ ሓርነታዊ ቃልስና ታሪኽ ርእሰ- ምርኮሳ'ዩ። ኣብ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ፡ ኣብ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ስታርተጂ፡ ከማኡ'ውን ኣብ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ፡ ናይ ዝኾነ ይኹን ሞዴል ከይቀዳሕና፡ ምስ ተመክሮናን ኩነታትናን ዝሰማማዕ ትልሚ ብምሕንጻጽ ስለዝሰራሕና፡ ተዓዊትና።ኣብ መዓልታዊ መደባትናን ህይወትናን ንዘጋጠመና ጸገማት፡ ድሕነትን መዋጽኦን ካብ ናይ

ወጻኢ ትሕዝቶን ክኢላታትን ከይተጸበና፡ ብጻዕርናን መሃዝነትናን ፈቲሕናዮ።

ሎሚ፡ እዚ መሰረት ዓወትና ዝኾነ ክቡር ውርሻ'ዚ ክቕጽል ኣለዎ። *ንጉዳይ ደሞክራስን ምህናጽ ቁጠባን ኣብ ኩነታትና ዝሰርሕ ናይ ገዛእ ርእስና መደባት ክንሕንጽጽ'ምበር፡ ግዜ ህቡብ ንዝገብሮ ኣብ ዕዳጋ ዝወረደ ሓሳብ ክንሸምት፡ መምስ ዝመጸ ውሕጅ ክንግፋዕ የብልናን።* ናይ ወጻኢ ክእለትን ክኢላታትን ዘድልየና'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ክእለትናን ክኢላታትናን ክንተኣማመን፡ ክእለትናን ክኢላታትናን ንምምዕባል ቀዳምነት ክንህብ ኣሎና። ኣብ ገለ ክፋላት ሕብረተሰብና፡ ኣውራ ኣብ መንእሰያትና ዝረአ ዘሎ፡ ኣምልኾ ወጻኢ -ኣምልኾ ወጻእተኛታትን ኩሉ ኣብ ወጻኢ ዝተገብረን ዝተሰርሐን-- ብስብከት ዘይኮነስ ብስራሕን ፍረን ክንምክቶ ኣለና።

6. **ጽኑዕ ምትእስሳር ህዝብን መሪሕነትን**-ቅኑዕን ብሱልን ኣብ ኣመራርሓ ካብቶም ወሰንቲ ረቛሒታት ንዓወት ምኳኑ ኣብ ሓርነታዊ ቃልስና ብመሪርን ብርቱዕን ተመክሮ ተማሂርናዮ ኢና። ዉሱንን ድኹምን ሃገራዊ ዓቕምታትና ብብቑዕ ኣመራርሓ ብኣድማዕነት እንተዘይከትት፡ ጽንዓትን ተወፋይነትን ህዝብናን ተጋዳላይን ብብቑዕ ኣወዳድባ ናብ ዘይብገር ሓይሊ እንተዘይቅየር። ብርግጽ ኣይምተዓወትናን። ኣብዚ፡ መሪሕነት ክንብል ከለና እቲ ዝለዓለ እጃም ዘለዎ ውሱናት ዝኣባላቱ ላዕለዋይ መሪሕነታዊ ኣካል ጥራይ ዘይኮነስ፡ ብዝሰፍሐ ትርጉሙ መሪሕነት ዝህብ ውዱብን ሰፊሕን ፖለቲካዊ ሓይሊ ማለትና ምኳኑ ርዱእ ክኸውን ይግባእ። ኣብ ተመክሮና፡ እቲ ላዕለዋይ ጽፍሒ መሪሕነት ጥራይ ዘይኮነ። እቲ መምሪሒታትን ፖሊሲታትን ውድብ ናብ ህዝቢ ዘብጽሕን ዘተግብርን። ካብ ህዝቢን ግብራዊ ፈተነን ብዝነቅል ሓሳባት ድማ ነቲ መምሪሒታት ዘማዕብል ማእከላይን ታሕተዋይን ካድር፡ እቲ ብጾቱ መሪሑ ኣብ ውግእ ዝኣቱ መራሒ መስርዕ ወሳኒ ተራ ተጻዊቱ'ዩ። ተመክሮና፡ ከማኡ'ውን ተመክሮ ካልኦት፡ ኣብ ወጻኢ ሰፈርካ ወይ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኣንከለኻ ካብ ህዝቢ ተነጺልካ ብቑዕ ኣመራርሓ ክትህብ ከምዘይትኽእል'ዩ ዘረጋግጽ። ምስ ህዝቢ ተቐሚጥና። ናብራ ህዝቢ፡ ወረ ካብኡ ዝትሕት'ውን እናነበርና ስለዝተቓለስና'ዩ። ኣተሓሳስባን ሽግርን ህዝቢ ክንርዳእ፡ ሽግራቱ ንምፍታሕ ክንግደስን ክንሰርሕን፡ ልቢ ህዝቢ ረኺብና ከነቃልሶን ከነዐውቶን ዝኸኣልና።

ሎሚ'ውን ነቲ ተኣምር ዝሰርሕ ናይ ህዝቢ ዓቕምን መሃዝነትን ኣበራቢርና ነታ ንምነያ ዘለና ኤርትራ ክንሃንጽ እንተኾይና፡ ምትእስሳርና ምስ ህዝቢ ክንዕቅብን ከነሐይልን፡ ብሓሳብን ሕልናን ጥራይ ዘይኮነ ብኣካል መዓልታዊ ምስ ህዝቢ ክንርከብ ኣለና። ብዙሕ ሰውራዊ ምንቅስቓሳት፡ ኣብ

*ገጠር ዓብዩ፡ ብዋጋን ደገፍን ገጠር ተዓዊቱ ናብ ከተማ ምስኣተወ፡ በብመዓልቱ ዘጓነፎ ናይ ከተማ ጸቕቲ ኣብ ምቅላል ኣድሂቡ፡ "ካብ ዓይኒ ዝገለለ ካብ ልቢ ዝገለለ" ከም ዝበሃል፡ ነቲ ዝበዝሐ ህዝብን ዝጸንዐ ደጋፊኡን ዝነበሮ ገጠር ዕሽሽ ስለዝበለ፡ ኣብ መጨረሽትኡ ናይ ክልቲኡ ገጠርን ከተማን ደገፍ ስኢኑ ፈሺሉ'ዩ። እዚ ሓደጋ'ዚ ንዓና'ውን ዘይንሕፈና ስለዝኾነ። ኣብ ዝተፈላልየ ጽፍሕታት ዝርከብ መሪሕነትን ካድረታትን፡ ከምኡ'ውን ትካላት መንግስትን ትካላት ፖለቲካዊ ምንቅስቓስን፡ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገር፡ ክሳብ'ቲ ትማሊ ደጀናን መነሃርያናን ዝነበረ ሎሚ ርሑቕ ከባቢታት ኮይኑ ዘሎ ቦታታት ክዝርጋሕ ኣለዎ።*

*ተመክሮና መሪሕነት ንድሕሪት ከይጉተትትን ከይምርትን። ካብኡ ሓሊፉ ድማ ነቲ ዝተዋህቦ ሓላፍነት ከም መሰልን ነባርን ቆጺሩ ብስልጣን ከይብዕልግ። እንታይደኣ መምህርን ኣገልጋልን ኣብነትን ኮይኑ ክቕጽል፡ እናተማህረን እናተሳሕለን ክኸይድ እንተኮይኑ፡ ወትሩ ተሓታቲ ክኸውን፡ ናይ ዝፍጸም ጌጋ ድማ ሓላፍነት ክስከም ከምዝድሊ የረጋግጽ። ተመክሮና ኣድላይነት ሓባራዊ መሪሕነትን ንጹር ኣከፋፍላ ውልቃዊ ሓላፍነትን፡ ትካላዊ ኣሰራርሓ፡ ምቕያድ ብሕግን ሕጋውነትን'ውን ይምስክር'ዩ። ኣብ መጨረሻ፡ መራሕቲ በብእዋኑ ምቕያር፡ ኣብ መሪሕነት ሓድሽን ዉዕይን ደም ምእታው፡ ንልሙጽ ምስግጋርን ጥዑይ ፖለቲካዊ ህይወትን ኣገዳሲ ምዃኑ ተመክሮናን ተመክሮ ካልኦትን ዘረጋግጾ'ዩ። ስለ'ዚ፡ ኣብዚ ሓድሽ መድረኽ'ዚ፡ ናይ መሪሕነት (በቲ ዝሰፍሐ ትርጉሙ) ግቡእን ግዴታን ብምንጻር፡ ፍሉጥን ርጉጽን ናይ ተሓታትነት ኣገባባት ብምትእትታው፡ ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሕታት ዝርከቡ ትካላት ብግቡእ ከምዝሰርሑ ብምግባር፡ ስሩዕን ቀጻልን ርክብ ምስ ህዝቢ ግዴታ ብምግባር፡ መራሕቲ ኣብ ሓላፍነት ዝጸንሑሉ ዝበዝሐ ግዜ ብቕዋም ብምውሳን፡ ብቕዓትን ተሓታትነትን ዲናሚክነትን መሪሕነትና ክነረጋግጽ ኣለና።*

*ኣብ ላዕሊ ዝዘርዘርናዮ ራእይናን መሰረታዊ ዕላማታትናን፡ ከማኡ'ውን ናብ ሸቶና ንምብጻሕ ከም መሰረት ንወስዶ መትከላት፡ መግለጺ ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባናን ፍልስፍናናን ኢዩ። ፍልስፍናና። ኣብ ግብራዊ ህይወት፡ ኣብ ክውንነት ሕብረተሰብ ኤርትራን ካልኦት ሕብረተሰባትን ዝተመስረተ ፍልጠት፡ ካብ መጽሓፋዊ ፍልጠት ንላዕሊ ግምት ዝህብ፡ ንዝኾነ ሓሳባት ኣብ ግብሪ እናፈተነን እናመመየን ዝፈርድ፡ ፍልስፍና ግብሪ፡ ፍልስፍና ማሕበራዊ ፍትሕን ሰብኣውነትን ኢዩ።*

*ንሕና ኣብ ኤርትራ፡ ንምህናጽ ሃገርነትን ምድልዳል ሓድነት ህዝብን ዝተወፈና፡ ንቑጠባዊ ዕብየት ምስ ማሕበራዊ ፍትሒን ምሕላው ተፈጥሮኣዊ ከባብን ዝተዓጠቕና፡ ንሃገራዊ መንነትን ባህልን ዝደራኸኡ ዘመናውነት ዝቕምና ኢና። መበገስን መዕለብን ዕላማና ውልቃውን ሓባራውን፡ ነገራውን መንፈሳውን ርውየት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሰላም ዝሰፈና ዓለም ኢዩ።*

# II. መግለጺ መሰረታት ፖለቲካዊ ፕሮግራምና

# II. መግለጺ መሰረታት ፖለቲካዊ ፕሮግራምና

## 1. ምህናጽ ደሞክራስያዊ ፖለቲካዊ ስርዓት

ኤርትራውያን ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ታሪኽና ናይ ገዛእ ርእስና ሃገራዊ መንግስቲ ምትካል ንጅምር ኣሎና። እዚ ነዊሕ ተቓሊስና ዝረኸብናዮ ዓቢ ዕድል'ዩ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ከኣ ከም ኩሎም ህዝብታት እቲ ዝበለጸ ፖለቲካዊ ስርዓትን መንግስትን ክንሃንጽ ክንምኑ ባህርያዊ ኢዩ። ኣብ ታሪኽ፡ ወዲሰብ ሚሳላዊ (Ideal) ፖለቲካዊ ስርዓት ንምህናጽ ሃረር ከምዝብልን እቶም ብሉጻት ፍላስፉታቱ ከኣ ብዛዕባ'ዚ ሚስላዊ ፖለቲካዊ ስርዓት'ዚ ብዙሕ ከምዝተመራመሩን ዝጸሓፉን ምዝጉብ'ዩ። እቲ ሚስላዊ ፖለቲካዊ ስርዓት ዘይብጻሕ'ኳ እንተኾነ፡ ከምዝተኻእለ መጠን እቲ ዝበለጸ ፖለቲካዊ ስርዓትን መንግስትን ንምትካል ምጽዓር ግን ዝከኣልን ዝግባእን ኢዩ። ስለዚ፡ ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ'ዚ ኣገዳሲ ታሪኻዊ እዋን'ዚ፡ ነዚ ዝስዕብ ሕቶታት ከነቕርብን ክንምልሽን ኣሎና።-

ንናጻ ኤርትራ ዝሰማማዕ እቲ ዝበለጸ ዝክኣል ፖለቲካዊ ስርዓት ከመይ ዝኣመሰለ'ዩ? ኣንታይ ዓይነት ሃገራዊ መንግስቲ'ኸ ክንሃንጽ ኣሎና?

ኣብ ናጻ ኤርትራ፡ ሕግን ስርዓትን ዘኽብር፡ ሓድነትን ሰላምን ዝሕሉ፡ ኩሉ ኤርትራዊ ካብ ፍርሕን ጭቕናን ሓራ ኮይኑ፡ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላቱ ተሓልይሉ። ህይወቱ ብቕሳነትን ሓጎስን ንምቕጻልን ንምምሕያሽን ዘኽእል ርጉእ ፖለቲካዊ ስርዓት ክህነጽ መሰረታዊ ድሌትና ኢዩ። እዚ ዕላማታት'ዚ ከኣ፡ እንትርፎ ነዕኡ ብዘገልግል ሕግታትን ብሕጊ ዝቆመ ትካላትን ብካልእ ክረጋገጽ ስለዘይካኣል፡ ኣብ ኤርትራ ***<u>ቅዋማዊ ፖለቲካዊ ስርዓት</u>*** ክንምስርት ኣሎና።

ቅዋም ምህላዉ ንበይኑ ግን ምሉእ ኣይኮነን፡ እቲ ቅዋም ብግብሪ ክሰርሕን ክኽበርን እንተኾይኑ፡ ብመሰረቱ ዝቆውምን ዝሰርሕን ቅዋማዊ ትካላት ክህሉ ኣለዎ። ኣብቲ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ፡ ኣብ ኩሉ ኣካላት መንግስቲ ከኣ ብፍላይ፡

ንቅዋም ከም መሰረታዊ ሕጊ ናይ ምኽባሩን ምሕላዉን ንቕሓት፡ ማለት ቅዋማዊ ንቕሓት ክሕይል ይግባኣ። **<u>ቅዋማዊ ባህልን ክብርታትን</u>** ምስ ዝምዕብል፡ ናቱ ዓቓብን ኣማዕባልን ዝኾነ **<u>ቅዋማዊ ትካላት</u>** ምስ ዝትከልን ዝተርርን ጥራሕ ከኣ'ዩ ቅዋማዊ ስርዓትን ውሕስነት ዝህልዎ።

ሃገራውነትን ደሞክራስን ናይ'ቲ ኣብ ኤርትራ እንሃንጾ ቅዋማዊ ፖለቲካዊ ስርዓት መሰረታዊ መትከላት ክኾውን ኣለዎ።

እቲ ቅዋማዊ ስርዓት፡ ኣብ ታሪኻዊ ኣመዓባብላን ተመክሮን ፍሉይ ኩነታትን ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝሰረተን ንዕኡ ዘንጸባርቕን፡ ሓድነትን ዝተመጣጠነ ምዕባሌን ህዝቢ ኤርትራ ዘውሕስ፡ ናጽነትን ጸጥታን ሃገር ዝሕሉ ***<u>ሃገራዊ ቅዋማዊ ስርዓት</u>*** ክኾውን ኣለዎ።

ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ስርዓት፡ ኣብ መሰረት ሃገራውነት፡ ማለት፡ ሃገራዊ ረብሓ ምሕላው፡ ሃገራዊ ሓድነት ህዝቢ ምሕያልን ምምዕባልን፡ ናጽነት ሃገር ምዕቃብ ክህነጽ ኣለዎ። *ኩሉ ፖለቲካዊ ትካላት፡ ካብ ሃገራውነት ስድሪ'ኻ ትኹን ትሒቱ ክይተረኽበ ኣብ ሃገራውነት* ክምስረት፡ ካብ ክፋፋሊ ትሕተ-ሃገራዊ ስምዒታትን ተግባራትን ሓራ ዝኾነን ሃገራዊ ውህደት ህዝቢ ኤርትራ ዘጠናኽርን ዘማዕብልን ክኾውንን ይግባእ። ብኻልእ ወገን፡ እቲ ፖለቲካዊ ስርዓት፡ ኣብ ከተማን ገጠርን ሰፊሕ ማሕበራዊ መሰረት ዘለዎን ንኹሉ ዘሳትፍን ክኾውን ኣለዎ።

ኣብ ኤርትራ ሃገራውነት ብዘይ ዓላማውነት ምሉእ ኣይኮነን። መሰልን ማዕርነትን ሃይማኖታት ምሕላው መሰረታዊ ፖሊሲና'ኳ እንተኾነ፡ ማዕሪኡ ሃይማኖት ካብ ፖለቲካ ክፍል ኣለዎ። እዚ ማለት፡ ሃይማኖት መሳርሒ ፖለቲካ ኮይኑ መከፋፈልን መጓነጽን ዜጋታት ክኾውን የብሉን። ኣብ ኤርትራ ኣብ መንጎ ሃይማኖታት ማዕርነትን ስኒትን ክህሉ፡ ኩሎም ኤርትራውያን ከኣ ብዘይ ሃይማኖታዊ ኣፋላላይ ብሓባርን ብሓድነትን ሃገሮም ክሃንጹን ኣብ ፖለቲካ ክሳተፉን ኣለዎም።

እቲ ቅዋማዊ ስርዓት፡ ኣብ ልዕላውነት ህዝቢ፡ ደሞክራሲያዊ መትከላትን ኣገባባትን-- ተሓታትነት (Accountability)፡ ግሉጽነት (transparency)፡ ብዙሕነት (Pluralism)፡ ምጽውዋር (Tolerance)- ዝተመስረተ ***<u>ደሞክራሲያዊ ቅዋማዊ ስርዓት</u>*** ክኾውን ኣለዎ።

እቲ ፖለቲካዊ ስርዓት ኣብ ደሞክራሲ ክስረት ኣለዎ። ደሞክራሲ ግን ኣካራኻሪ ኣምር'ዩ። ደሞክራሲ ከም ህላዌ ብዙሓት ሰልፍታትን ምክያድ ምዱብ ምርጫታት ኣብ መንጎኣንን ጥራሕ ክውሰድ ይረአ'ዩ። እዚ መረዳእታ'ዚ፡ ንደሞክራሲ ብመልክዓዊ ኣገባባቱን ቅጥዕታቱን ጥራሕ ዝትርጉሞ

ጥምዓውን ዘይታሪኻውን ኢዩ። ደሞክራሲ ብዝሰፍሐን ዝዓመቆን ታሪኻዊ መረዳእታ ክውሰድ እንተኮይኑ፡ ህላዌ ብደሞክራሲያዊ መትከላትን ኣገባባትን ዝመሓደር መንግስትን ሕብረተሰብን፡ ደሞክራሲያዊ ትካላትን ባህልን፡ ንህዝቢ ተሓታቲ ዝኾነ መንግስቲ፡ ምርግጋጽ ህዝባዊ ተሳታፍነት ኣብ መስርሕ ምውሳን ማለት'ዩ።

ንደሞክራሲ ምስ ታሪኻዊ ኣመዓባብላን ጭቡጥ ኩነታትን ሕብረተሰብ ኤርትራ ብምዝማድ ክንግንዘቦ ኣለና። *ንደሞክራሲ ብትሕዝቶኡ ደኣ'ምበር ብግዳማዊ መርኣያታቱ ክንጥምቶ ኣይግባእን።* ኣብ ኩነታት ሕብረተሰብና፡ ደሞክራሲ ኣብ ቁጽሪ ሰልፍታትን ምክያድ ምዱብ ምርጫታትን ዘይኮነስ ኣብ ክውን ተሳታፍነት ህዝቢ ኣብ ምውሳን ጉዳያት ኮማቱን ሃገሩን ከም ሓደ መርኣያ ፖለቲካዊ ብዙሕነትን መሰል ምውዳብን ምግላጽ ርእይቶታትን፡ ንምርጫታት ከኣ ከም ኣድማሳዊ ደሞክራስያዊ ኣገባብ ዝምልከት ኣይኮነን። እቲ ሕቶ ንደሞክራሲ ምስ ቁጽሪ ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ምክያድ ምርጫታትን ምምዕርራይ ኢዩ። እዚ ኣተረጓጉማ'ዚ ግጉይን ጎዳእን ኢዩ። ምኽንያቱ፡ ህላዌ ብዙሓት ሰልፍታትን ምክያድ ምዱብ ምርጫታትን ጥራይ ህላዌ ሓቀኛ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ከምዘየረጋግጽ ብተመክሮ ብዙሓት ሃገራት ተመስኪሩ'ዩ። ተመክሮ ኣፍሪቃ እንተወሰድና፡ ብናይ ውሑዳት ላዕላዋይ  ቀጸላ- ብካልእ ኣጸዋውዓ፡ ፖለቲካዊ ደርቢ-ድሌትን ውሳኔን ኣብ ህዝቢ ብላዕሊ ዝተጻዕነ ንጸቢብ ረብሓታት ዘገልግል ፖለቲካዊ ሰልፍታት ንደሞክራሲያዊ ምዕባሌ መንግስትን ሕብረተሰብን ኣየገልገለን። በንጻሩ፡ እዚ ንጸቢብ ውሽጣውን ግዳማውን ረብሓታት ዘገልግል ሰልፍታት መስርሒ ጨፍላቒ ስርዓታት ኢዩ ኮይኑ። ንምርጫታት ብዝምልከት ከኣ፡ ኣገባብ ኣብ ርእሲ ምኻኑ፡ እቲ ዳርጋ ኣብ መላእ ዓለም ኣስፋሕፊሑ ኣብ ምርጫታት ዝረአ ውዲትን ምጥፍፋእን ምርጫታት'ውን ውሕስነት ከምዘይኮነ መረጋገጺ ኢዩ።

ስለዚ ደሞክራሲ ሓቀኛን ውሕስነት ዘለዎን ክኸውን እቲ ቅኑዕ ዝምዕብለሉ መገዲ ምቕያስ የድሊ። ደሞክራሲ ንኽሰርሕ ብቐዳምነት ኣብ ህዝቢ ዝተመስረተ ትካላት-ኣብ ርእሲ ፖለቲካዊ ሰልፍታት፡ ዝተፈላለየ ህዝባዊ ማሕበራት፡ ኮማዊ ምንቅስቃሳት፡ ማዕከናት ዜና፡ ዘይምእኩል መንግስታዊ መዋቕራት-የድልዮ። ተሳታፍነት ህዝቢ ካብ ናይ ቀረባ ከባቢኡ ክሳብ ብደረጃ ሃገር ዘረጋግጽ መንግስታውን ህዝባውን ኣሳታፊ ትካላት ክህሉ ኣለዎ። እቲ ሃገራዊ መንግስቲ ብቕዋም ዝተቐየደ፡ ንህዝቢ ተሓታቲ፡ ሓጋጊን ፈጻምን ፈራድን ኣካላቱ ሓድሕዱ ዝቆጻጸርን ዝመዛዘንን፡ ስልጣን ካብ ታሕቲ ክሳብ ላዕሊ ዝተመቃራሓሉን ዘይምእኩልን ክኸውን ኣለዎ። ብኻልእ ወገን፡ ምምዕባል ህዝባዊ ማሕበራትን ምንቅስቃሳትን ማሕበራት ሞያን፡ ብካልእ ኣዘራርባ፡ ምምዕባል ካብ መንግስቲ ዝተፈልየን መማዝንቲ ዝኾኖን ሲቪላዊ ሕብረተሰብ ካልእ መሰረት ደሞክራሲ ኢዩ። ናጻን እሙንን ማዕከናት ዜና'ውን ንምዕባሌ ደሞክራሲ ዓቢ ደራኺ ኢዩ። ናጻን እሙንን ማዕከናት ዜና ሰለስተ ዓምድታት

ደሞክራሲያዊ ስርዓት ኢዩ። እዚ ዓምድታት'ዚ ምስዝምዕብልን ኣብ መላእ ሕብረተሰብ ዝሰረጸ ደሞክራሲያዊ ባህሊ ምስዝረጋገጽን ጥራሕ ከኣ ኢዩ ደሞክራሲ ህያውን ዉሑስን ዝኸውን።

እዚ ደሞክራሲያዊ መስርሕ'ዚ ግን ኣብ ሒደት ዓመታት ብተብተብ ዝፍጸም ፕሮጀክት ኣይኮነን። ግድን ነዊሕ ታሪኻዊ መስርሕ ኢዩ። ምኽንያቱ፡ ናይ ዝሓለፈ ክልተ ዘበናት ተመክሮ ብዙሓት ዝማዕበላ ሃገራት ከምዘረጋግጾ፡ ደሞክራሲያዊ ምዕባሌ ዝተሓላለኸን ደፋእታውን መስርሕ ኢዩ። ብሕልፊ ኣብ ከም ሕብረተሰብና ዝኣመሰለ፡ ብዙሓዊ ኣቅውማ ዘለዎን ኣብ ትሕት ዝበለ ደረጃ ምዕባሌ ዝርከብን ሕብረተሰባት ከኣ፡ ንደሞክራሲያዊ መስርሕ ዝያዳ ዝሓላልኾን ዘበርትዖን ማሕበራውን ቁጠባውን ኩነታት ከም ዘሎ ካብ ተመክሮ ኣፍሪቃን ሳልሳይ ዓለምን ብዙሕ ናይ ቀረባ ኣብነታት ክጥቀስ ይከኣል። ደሞክራሲ ከም ኣተሓሳስባን ባህልን፡ ከም ኣወዳድባን ኣገባባትን፡ ንኽህሉን ንኽምዕብልን ከም ባይታ ዝጸሮ ብቐዳምነት ድልዱል ሃገራውነትን ማሕበራውን ቁጠባውን ምዕባሌን ከምዘድልዮ ከኣ፡ እዚ ተመክሮታት'ዚ ህያው መረዳእታ ኢዩ። ስለ'ዚ፡ ኣብ ኩነታት ሕብረተሰብናን ዝርከበሉ ደረጃ ምዕባሌን ብምምርኻስ፡ ምዕባሌ ደሞክራሲ ምስ'ቲ ጌና ዘይተዛዘመ መስርሕ ሃገራዊ ምህናጽን፡ ምሕላው ሓድነትን ርግኣትን፡ ቁጠብውን ማሕበራውን ምዕባሌን ተዋሲቡ ዝኸደሉ መገዲ ምቅያስ የድልየና። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ወድዓዊ መረዳእታ ዝተመስረተ ምስ ዝኸውን ከኣ ኢዩ ደሞክራሲ ኣብ ኤርትራ ብሩህ መጻኢ ክህልዎ ዝኽእል።

## ስለ'ዚ፡ ዕላማታትና፡-

1. ብሰፊሕ ህዝባዊ ተሳታፍነት ብዝንደፍን ዝጸድቕን ሃገራዊ ቅዋም፡ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት ዘኽብር፡ ሓጋጊን ፈጻምን ፈራድን ኣካላቱ ኣብ ሕድሕዱ ዝቆጻጸርን ዝመዛዘንን፡ ኣብ ኤርትራ ግዝኣት ሕጊ (Rule of Law) ዘስፍን፡ ንሓድነትን ምዕባሌን ህዝቢ ኤርትራ ዝድርኽ ቅዋማዊ ስርዓት ምትካል፥

2. ብመሰረት ቅዋም፡ ንምህናጽ ሃገር ዘቀላጥፍ፡ ሃገራዊ ሓድነት ዘውሕስ፡ ንቁጠባውን ማሕበራውን ምዕባሌ ምቹእ ባይታ ዝፈጥር፡ ኣብ ሰፊሕ ማሕበራዊ መሰረት ከተማን ገጠርን ዝተሃንጸ፡ ንኩሎም ማሕበራት ጉጅለታት ክፉትን ኣሳታፍን፡ ዝተመጣጠነ ምዕባሌ ዘረጋግጽ፡ መሰል ዜጋታቱ ዘኽብር፡ ካብ ብልሽውና ናጻ ዝኾነ፡ ሃገራዊ ረብሓ ዘቐድም፡ ሃገራዊ ናጽነት ዝሕሉ፡ ሃገራዊ ሓበራዊ መረዳእታ (National

Consensus) ዘማዕብልን ኣብኡ ዝተሰረተን፡ ሓያል ሃገራዊ መንግስትን ሓያል ሕብረተሰብን ምህናጽ፥

3. ብመሰረት ቅዋም፡ ናይ እምነት ጋዜጣን ጽሑፍን፡ ርእይቶ፡ ፖለቲካዊ ምውዳብ፡ ሰላማዊ ሰልፍን ኣኼባን፡ ሓበሬታ፡ ስራሕን ትምህርትን፡ ካብ ፍርሕን ግፍዕን ሓራ ምዃን፡ ማዕርነት ኣብ ቅድሚ ሕጊ፡... መሰረታዊ ሰብኣውን ፖለቲካውን መሰላት ንኽኽበርን ንኽምዕብልን ምቅላስ፥

4. እቲ ፖለቲካዊ ስርዓት፡ ሃገራዊ ውህደት ህዝቢ ኤርትራ ዘደንፍዕ፡ ንኩሉ ትሕተ-ሃገራዊ ዝምባሌታት ዝነጽግን ዘዳኽምን፡ ሃገራዊ ትካላት ዘማዕብል፡ ሃገራውነትን ዓለማውነትን (Secularism) መሰረት ኩሉ ፖለቲካዊ ንጥፈታትን ትካላትን ምዃኑ ዘውሕስ፡ ኣብ መትከል ምሉእን ማዕባልን ሃገራውነት ዝተመስረተ ምዃኑ ምርግጋጽ፥

5. እቲ ፖለቲካዊ ስርዓት፡ ኣብ ህዝቢ ዝተሰረተ፡ ተሳታፍነት ህዝቢ ኣብ ምውሳን ጉዳያት ከባቢኡን ሃገሩን ዘረጋግጽ፡ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ዝተሃንጸ፡ ብመትከላት ዘይምምእካል፡ ፖለቲካዊ ብዙሕነት፡ ግሉጽነት፡ ምጽውዋር፡ ተሓታትነት ዝመርሐ፡ መሰረታዊ ናይ ፖለቲካዊ ምውዳብን ርእይቶ ምግላጽን መሰላት ዘኽብር፡ ደሞክራስያውን ብዙሓውን ኣሳታፍን (Pluralist & Participatory) ምዃን ምርግጋጽ፥

6. እቲ ፖለቲካዊ ስርዓት፡ ሃገራውያን ናይ ፖለቲካ ሰልፍታት ብሕጊ ዝዋስኡሉን ኣብ ሓድሕደን ብሰለማውን ደሞክራሲያውን መገዲ ዝዋዳደራሉን ብዙሕ- ሰልፋዊ ስርዓት (Multi-Party System) ከምዝኸውን ምግባር፥

7. ነጻን ሓያልን ፍርዳዊ ኣካል፡ ዝተፈላለየ ህዝባዊ ማሕበራትን ምንቅስቓሳትን (ከም ናይ ደቀንስትዮ፡ ሓረስቶት፡ መንእሰያት፡ ተመሃሮ)፡ ከምኡ'ውን ማሕበራት ሞያን ካልኦት ግላዊ ትካላትን ዝሓቖፈ ንቑሕ ሲቪላዊ ሕብረተሰብ፡ ናጻን እሙንን፡ ነቓፌታውን ሓላፍነታውን (Critical & Responsible) ማዕከናት ዜና፡ ካልኦት ደሞክራሲያዊ ትካላት ንኽምስረቱን ንኽምዕብሉን ምቅላስ፥

## 2. ምህናጽ ድሌት ህዝቢ ዘርዊ ሓያል ሃገራዊ ቁጠባ

ሓደ ፍትሓዊ ፖለቲካዊ ስርዓት ብዘይ ምዕቡልን ፍትሓውን ቁጠባዊ ስርዓት ክህሉ ኣይክእልን ኢዩ። ፖለቲካዊ ደሞክራሲ ከኣ ብዘይ ማሕበራውን ቁጠባውን ደሞክራሲ መሰረት የብሉን።

ቁጠባዊ ስርዓት መሰረት ክንሃንጸ እንደሊ ፖለቲካዊ ስርዓትን ዓይነቱን ኢዩ። ዓይነት ክንሃንጸ ንደሊ ፖለቲካዊ ስርዓት ከይዱ ከይዱ ብዓይነት እንሃንጸ ቁጠባዊ ስርዓት ኢዩ ዝውሰን። ክልቲኡ ከሳኒ ግድን'ዩ። ዘይምዕሩይን ዘይፍትሓውን ቁጠባዊ ስርዓት መሰረት ደሞክራሲያውን ፍትሓውን ፖለቲካዊ ስርዓት ክኸውን ኣይክእልን። ብግልባጡ ከኣ ሓደ ምልካውን ጨፍላቕን ፖለቲካዊ ስርዓት ፍትሓውን ምዕሩይን ቁጠባ ክሃንጽ ኣይክእልን።

ፖለቲካዊ ድሌታትን መብጻዓታትን ብዘየገድስ፡ እቲ ዝበለጸ ሕልናን ጽቡቕ ድሌትን ምህላዉ'ውን ብዘየገድስ፡ *እንተደኣ ንኩሉ ዘሳትፍን ዘርብሕን ኣብ መላእ ሃገር ዝተዘርገሐን ሓያል ሃገራዊ ቁጠባን ምዕሩይ ኣከፋፍላ ሃገራዊ ሃብትን ዘየልዩ፡ ማለት ቁጠባዊ ደሞክራሲ ዘየልዩ፡ እቲ ድሌትን መብጽዓን ብሉጽ መንቀሊታት'ውን ይሃልዎ ምስሉይን ዘይግብራውን ክይኑ ኢዩ ዝተርፍ።*

ህዝቢ ኤርትራ፡ ምእንቲ ናጽነት ክቡር ዋጋ ዝኸፍለ፡ ምእንቲ ብመገዲ ናጽነትን ናይ ገዛእ ርእሱ መንግስቲ ተኺሉን፡ መነባብሮኡ ከመሓይሽ፡ ካብ ስእነት ሕማምን ድንቁርናን ተገላጊሉ ንሰብ ዝበቕዕ ህይወት ከምርሕ፡ ደቁን ደቂ ደቁን ከኣ ዝሓሸ መጻኢ ክህልዎም ኢዩ። ዕላማ ሰውራና ከኣ ሃገራዊ ናጽነት ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ ናጻ ኤርትራ ኣብ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝተመስረተ ቁጠባዊ ምዕባሌ ምፍጣር'ውን ኢዩ።

ስለ'ዚ፡ እቲ ኣብ ናጻ ኤርትራ እንሃንጸ ቁጠባዊ ስርዓት ምስቲ እንሃንጸ ደሞክራሲያዊ ፖለቲካዊ ስርዓት ዘሳንን ንዕኡ ከም መሰረት ዝጸሮን ክኸውን ኣለዎ። እዚ ማለት ከኣ፡ ድሌት ዝበዝሐ ህዝቢ ዘርውን መነባብሮኡ ዘመሓይሽን፡ ኣብ መላእ ሃገር ምዕሩይ ዝርገሐ ዘለዎ፡ ብሕግታት ዕዳጋ ዝሰርሕ፡ ግላዊ ወፍርን ተበግሶን ውድድርን ዘተባብዕ፡ ዝተመዛዘነ ቁጠባዊ ዕብየት ዘረጋግጽ ቁጠባዊ ስርዓት ማለት'ዩ። ብሓጺሩ፡ እቲ እንሃንጸ ቁጠባዊ ስርዓት ማሕበራዊ ፍትሒ ዘስፍን ክኸውን ኣለዎ።

## ኣብ ቁጠባዊ ማሕበራዊ ፍትሒ ማለት፡-

- ኣብ መንጎ ሃብታማትን ድኻታትን፡ ርኹባትን ሱኡናትን ዘሎ ጋግ ቁጠባዊ ዕድላትን ሃብትን ንምጽባብ፡ ንኹሎም ዜጋታት ምዕሩይ ቁጠባዊ ዕድላትን ርትዓዊ ኣከፋፍላ ሃገራዊ ሃብትን ምርግጋጽ፥

- ኣብ መንጎ ገጠርን ከተማ፡ ማእከልን ወሰናስንን (Center & Periphery) ዘሎ ጋግ ምዕባለ ንምጽባብ ምዕሩይን ርትዓውን ዝርጋሐ ቁጠባዊ ምዕባለ ኣብ መላእ ሃገር ምርግጋጽ፥

- ማእከላይ ዓላምኡ ድሌት ህዝቢ ምርዋይ ዝኾነ ቁጠባዊ ምዕባለ ምፍጣር፥

- ሰብ ጻማ ርሃጹ ዝረኽበሉ፡ ብስርሑ መነባብሮኡ ዘማሕይሽሉን ብዕይኡ ዝኽብረሉን ኩነታት ምህናጽ፥

- ብደረጃ ከባብን ሃገርን ኣብ ምውሳን ቁጠባዊ ጉዳያት ተሳታፍነት ህዝቢ ምርግጋጽን፡ እቲ ዝተጨቆነን ድምጺ ዘይብሉን ዝበዝሐ ህዝቢ ስልጣንን ድምጽን ከምዝረክብ ምግባርን፥

*- ቁጠባዊ ደሞክራሲ፡ ማለት ምዕባሌ ናይ ህዝቢ፡ ብህዝቢ፡ ንህዝቢ ምስፋን፥ ... ማለት'ዩ።*

ኣብ ታሪኽ፡ እቲ ኣብ ኩሉ ሕብረተሰባት ኣብ መንጎ ርኹባትን ሱኡናትን ካብ ጥንቲ ዝጸንሐ ጋግን ግጭትን ብኸመይ ይፍታሕ? ኩሉ ወጽዓታትን ጭቆናታትን ዘይብሉ ፍጹም ፍትሓዊ ዝኾነ ሚሳላዊ ሕብረተሰብ ክፍጠር ይኽእል'ዶ? ዝብል ሕቶታት ንሓንሳል ብሉጻት ሊቃውንቲ ክብድህ ጸኒሑ ኣሎ። እዚ ሕቶታት'ዚ ዛጊት ውዱእ መልሲ ኣይረኸበን። ወዲሰብ ካኣ ኣብ ነፍስ-ወከፍ ዘበንን ወለዶን ንምምላሱ ካብ ምፍታን ኣይሰልከየን። ኣብ'ዛ ሓዳስ ሃገርና ከኣ፡ ከም ሕቶታት ክለዓል ባህርያዊ ኢዩ። ኣብ ኤርትራ ገነታዊ (Utopian) ሕብረትረሰብ ንምፍጣር'ኳ እንተዘይተበገስና፡ ህዝብና ካብ'ቲ ክሳብ ሕጂ ዘሕልፎ ናይ መግዛእትን ድሕረትን ጭቆናን ኩነታት ተናጊፉ፡ ከም ሓራ ህዝቢ መነባብሮኡ ዘማሐይሽሉን ኣብ መንጎ ርኹባትን ሱኡናትን፡ ገጠርን ከተማን ዘሎ ጋግን ግጭትን ዝጸበሉን ፍትሓዊ ሕብረተሰብ ንምፍጣር ክንብገስን ክንጽዕትን ግን ሓላፍነት ኣሎና። ማሕበራዊ ፍትሒ ከኣ፡ ናብ ስእነትን ድሕረትን ሕማምን ዝሰዓረ፡ ምዕቡል ቁጠባን ባህልን ዘለዎ፡ ፍትሓዊ ሕብረተሰብ ዘብጽሕ ግብራውን ክውንነታውን መገዲ ኢዩ።

ግን፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ወይ ቁጠባዊ ደሞክራሲ ምስ ቁጠባዊ ዕብየት ኣይጋጮን'ዶ? ክልቲኡ፡ ማለት፡ ማሕበራዊ ፍትሕን ቁጠባዊ ዕብየትን ክርከብ ይኽእል'ዶ? ክልቲኡ ከምዘየሳኒ ምቕራቡ ጌጋ'ዩ። ምኽንያቱ፡ ቁጠባዊ ዕብየት፡ እንተደኣ ብሓቂ ቁጠባውን ማሕበራውን ምዕባሌ ክፈጥር ኮይኑ፡ ንመላእ ሕብረተሰብ ዘርብሕ፡ ደረጃ መነባብሮ ህዝቢ ዘመሓይሽ፡ ርትዓዊ ኣጠቓቕማ ባህርያዊ ሃብቲ ሃገር ዘውሕስ ክኸውን ኣለዎ። እንተዘየልቦ፡ ዓቐናዊ ዕብየት ዝዕንቅፍ ወይ ዝቕይድ ዘይኮነስ፡ ኣድማዒ ተሳታፍነት ህዝቢ ብምርግጋጽ ዘቀላጥፎን ናብ ሓቀኛ ምዕባሌ ዝቕይሮን ኢዩ። በንጻሩ፡ ቁጠባዊ ዕብየት ብዝኾነ ዋጋን ብዝኾነ ኣገባብን ዘየዋጽእን ፈሻልን ምዃኑ ተመክሮ ብዙሓት ሃገራት ኣረጋጊጽዎ'ዩ። ውጺኢቱ ከኣ፡ ኣብ ናይ መወዳእታ ትንተና፡ ይትረፍ ንህዝብን ሃገርን፡ ነቶም የርባሓና'ዩ ዝብልዎ ዉሑዳን ጉጅለታት'ውን ዝሃሲ፡ ንሃገር ናብ ዘይምርግጋእን ቅልውላውን ዝመርሕ ኢዩ።

ስለ'ዚ፡ ኣብ ኤርትራ ማሕበራዊ ፍትሕን ሓቀኛ ቁጠባዊ ምዕባሌን ዘረጋግጽ መገዲ ክንመርጽ ኣሎና። ከም እምነት ኩርናዕ ናይ'ዚ መገዲ'ዚ ከኣ እዚ ዝስዕብ መሰረታዊ ፖሊሲታት ክዝርዘር ይከኣል።

**ቀዳማይ፡ ግደ መንግስቲ-** መንግስቲ ቁጠባዊ ምዕባሌ ዝረጋገጸሉ ምቹእ ኩነታት ክፈጥር፡ ብቑዕ ስትራተጅን ፖሊሲታትን ክስእል፡ ሰብኣዊ ዓቕሚ ሃገር ክበራብር፡ ርትዓዊ ኣጠቓቕማ ባህርያዊ ከባብን ሃብትን ከረጋግጽ ግዲኡ ኢዩ። ብሓፈሻ ከኣ፡ መንግስቲ ኣብ'ዚ መሰጋገሪ እዋንን ኬኖኡን ንሃገራዊ ረብሓን ዘገልግል ቁጠባዊ ምዕባሌ ንምፍጣር ዝሕግዝ ሕግታትን መቖጻጸሪታትን ክሕንጽጽን ከተግብርን፡ *ሰብ ንዕዳጋ ከገልግል ዘይኮነስ፡ ዕዳጋ ንሰብ ዘገልግለሉ ኩነታት ንምፍጣር ዘኽእል ስጉምትታት ክወስድን ኣድላይ ኢዩ።*

መንግስቲ፡ ደራኺ ቁጠባዊ ምዕባሌ ክኸውን ኣለዎ። ብሕልፊ ኣብ'ዚ ቁጠባና ዓንዩ ዘለወሉ እዋን፡ ዳግመ-ህንጸት ቁጠባ ኤርትራ ብመንግስቲ ክምራሕ ግድነት'ዩ። መንግስቲ ነቶም ቀንዲ ግዳያት ኲናት፡ ተጋደልትን ስድራቤቶም፡ ስንኩላን፡ ዘኽታማት ህጻናት፡ ስደተኛታትን ዝተመዛበሉ ሰባትን፡ ተጣይሶምን ተማሂሮምን ኣፍረይቲ ብምዃን ንዳግመ- ህንጻን ቁጠባዊ ምዕባለን ኤርትራ ደረኽቲ ንኽኾኑ ዘኽእሎም መደባት ክሕንጸጽን ክመርሕን ግድን'ዩ።

ግደ መንግስቲ ዕዙዝ ክኸውን ምቕባል፡ ብመንግስቲ ዝተዓብለለ ቁጠባ ክህሉ ምቕባል ማለት ኣይኮነን። ቁጠባ ኤርትራ ብመንግስታውን ግላውን ክፋላት ዝቖመ ሕውስዋስ ቁጠባ፡ ናይ ትእዛዝ ቁጠባ (Command Economy) ዘይኮነ ካኣ ናይ ዕዳጋ ቁጠባ ክከውን ኣለዎ። እቲ ግላዊ ክፋል ክሕይልን መራሒ ተራ ክጻወትን እንተኾይኑ ግን፡ መንግስቲ ባይታ ከጣጣሓሉ ሓላፍነቱ'ዩ። ርክብ

መንግስትን ግላዊ ክፋልን ናይ ምትሕብባርን ምምልላእን ደኣ'ምበር ናይ ምትፍናንን ግጭትን ክኸውን ኣይግባእን።

**ካልኣይ፡ ምትብባዕ ግላዊ ክፋል-** ካብ መግዛእቲ ከም ኣብ ኩሉ ክፋላት ቁጠባና፡ ዝዓነወ ግላዊ ክፋል ኢና ተረኪብና። ስለ'ዚ ግላዊ ክፋል ኤርትራ፡ ኣብ ቁጠባና መራሒ ተራ ንኽጻወት፡ ንጡፍ፡ ነጻ፡ ርእሰ- ምትእምማን ዘለዎ፡ ተወዳዳሪ፡ ብዘበናዊ ቁጠባዊ ጥበብ ዝምራሕ ኮይኑ፡ ብሓድሽ መሰረት ክብገስን ክምዕብልን ኣለዎ። ኤርትራ፡ ብሃገራዊ ወፍሪ ርእሰማል ጥራሕ ቁጠባኣ ከተሕውን ከተማዕብልን ስለዘይትኽእል፡ ናይ ወጻኢ ወፍሪ ርእሰማል ዘተባብዕን ዝስሕብን፡ ኣብ ናጻ ዕዳጋን ናጻ ዋኒንን (Free Enterprise) ዝተመስረተ ቁጠባዊ ፖሊሲ ክትክተል ግድን'ዩ።

**ሳልሳይ፡ ርእሰ- ምርኮሳን ተሳታፍነት ህዝብን--** ናይ ቁጠባዊ ምዕባሌ ስትራተጂና ኣብ ርእሰ-ምርኮሳን ተሳታፍነት ህዝብን ክምስረት ኣለዎ። ውሽጣዊ ሰብኣውን ባህርያውን ዓቕምታትና ብግቡእ ብምምዕባል መሰረት ቁጠባዊ ምዕባሌ ሃገርና ክንገብሮ ኣሎና። ብቐዳምነት ኣብ ውሽጣዊ ዓቕምታትና ክንምርኮስን ክንተኣማመንን ኣሎና። ናይ ወጻኢ ሓገዝን ወፍርን ከምዘድሊ ርዱእን ቅቡልን'ኳ እንተኾነ፡ ነቲ ዝርከብ ሓገዝን ወፍርን ወጻኢ ንኽንረብሓሉ ውሽጣዊ ዓቕሚ ክህልወና ኣለዎ። ውሽጣዊ ዓቕምታትና ከኣ ብርእሰ-ምርኮሳን ህዝባዊ ተሳትፎን ጥራሕ ኢዩ ክምዕብል ዝኽእል።

ኤርትራ እቲ ዝዓበየ ሃብታ ሰባ'ዩ። ህዝብና እንተደኣ ብዘበናዊ ስነ-ፍልጠትን ቴክኖሎጅን ሰልጢኑ፡ ኣፍራይ ዓቕሙ ክብ ኢሉ፡ ውሕስነትን ቀጻልነትን ዘለዎ ምዕባሌ (Sustainable Development) ክፈጥር ክኽእል'ዩ። ስለ'ዚ ኣብ ቁጠባዊ ውጥናትና ሰብ መሰረታዊ ረቋሒ ክኸውን ኣለዎ። ብኻልእ ወገን፡ ንምድንፋዕ ህዝባዊ ተሳተፍነትን ንምምዕባል ኣብ ህዝቢ ዝተመስረተ ቁጠባን፡ ተራድኦታትን ኮማዊ መደባት ልምዓትን ዓቢ ኣገድስነት ከምዘለዎ ክዝንጋዕ የብሉን።

**ራብዓይ፡ ሕርሻ፡ ኢንዱስትሪ፡ ንግድን ካልኦት ክፋላት ቁጠባናን ምምዕባል--** በዚ ንሰለስቲኡ ማለት፡ መንግስቲ፡ ግላዊ ክፋልን ህዝባዊ ተሳትፎን ዘወሃህድ ስትራተጂ'ዚ፡ ኣብ ኤርትራ ምዕቡል ሕርሻን ኢንዱስትርን፡ ንግድን ኣገልግሎታትን ከነማዕብል ንኽእል ኢና። ሎሚ ቁጠባና ፈጺሙ ዓንዩ ኣሎ። ንምሕዋዩን ንምምዕባሉን ከኣ ብዙሕ ጻዕርን ዓቕምን ክሓተና ኢዩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክፋል ቁጠባና ዝሰርሕን ውጺኢታውን ፖሊሲታት እናሰኣልና፡ ዓቕምታትና እናኣማዕበልና፡ ግላዊ ተበግሶን ውድድርን ወፍርን እናኣተባባዕና፡ ህዝባዊ ተሳትፎ እናኣበራበርና፡ ፍልጠትን ክእለትን ብምስትምሃር ኣፍራይነት ዕዮ እናኣሰሰና፡ ሓያል ቁጠባ ክንሃንጽ ኣሎና።

ምዕቡል ቁጠባ ከይሃነጽና ንኤርትራ ዓዲ ፍትሕን ራህዋን ክንገብራ ኣይክንክእልን ኢና።

## ስለ'ዚ፡ ዕላማታትና፡-

1. ኣብ ምዕቡል ሕርሻ፡ ኢንዳስትሪ፡ ንግድን ካልኦት ኣገልግሎታትን ዝተመስረተ፡ ድሌታት ህዝቢ ዘርዊ፡ ውሽጣዊ ዓቕምታት ዘማዕብል፡ ጥንቁቕ ኣጠቓቕማ ባህርያዊ ከባብን ሃብትን ዘዘውትር፡ ኣብ ናጻ ዕዳጋን ናጻ ዋኒንን ዝተመርኮሰ፡ ሓያል ሃገራዊ ቁጠባ ደረጃ ብደረጃ ምህናጽ፥
2. ናይ ኤርትራ ስትራተጂ ቁጠባዊ ምዕባሌ ኣብ ማሕበራዊ ፍትሕን ቁጠባዊ ደሞክራስን ንኽምስረት ምቕላስ፥
3. ብነዊሕ ዡናት ንዝዓነወ ቁጠባና ንምሕዋይን ንምምዕባላን፡ ከምኡ'ውን ነቶም ብሰንኪ ዡናት መነባብሮኦም ዝተመዛበለን ዝተበታተነን ክፋላት ሕብረተሰብና ንምጥያስን ኣብ ሃገራዊ ቁጠባ ግቡእ ቦታኦም ከም ዝረኽቡ ንምግባርን መደባት ምሕንጻጽን ምፍጻምን፥
4. መንግስቲ ንምህናጽ ሓያል ሃገራዊ ቁጠባ ዘ'ክእል ምቹእ ኩነታት ከምዘጣጥሕን ደራ'ኺ ተራ ከም ዝጻወትን፡ ንብዙሓት መንግስታት ካብ ዘሳቒ ዘሎ ሕዱር ብልሽውናን ናይ ዕዳ ታ'ኼላን ናጻ ኮይኑ ሃገራዊ ረብሓ ብምቕዳም ከም ዝሰርሕን ምርግጋጽ፥
5. ዳይናሚክ፡ ተወዳዳሪ፡ ብዘበናዊ ጥበብ ዝምራሕ፡ ርእሰ ምትእምማን ዘለዎ፡ ኣብ ቁጠባ ኤርትራ መራሒ ተራ ዝጻወት ሃገራዊ ግላዊ ክፋልን ንኽምዕብል ምትብባዕ፥
6. ቁጠባዊ ስትራተጂ ኤርትራ ኣብ ህዝባዊ ተሳታፍነትን ምምዕባል ውሽጣዊ ዓቕምታትን ከምዝምርኮስ ምግባር፥
7. ብርእሰ- ምርኮሳ እናተመራሕና ኣህጉራዊ ቁጠባዊ ምትሕብባርን ወፍሪ ርእሰማል ወጻእን ምድልዳልን ምትብባዕን።

# 3. ምምዕባል ስልጡን ሃገራዊ ባህሊ

ስልጡን ሃገራዊ ባህሊ መሰረት ምዕቡል ቁጠባን ስልጡን ፖለቲካዊ ስርዓትን ኢዩ። ባህሉ ከየማዕበለ ዝሰልጠነ ሕበረተሰብ የለን።

ኤርትራ ናብ'ዚ ሕጂ ረኺባቶ ዘላ ናጽነትን ሰላምን ንኽትበጽሕ እቲ ኣብ ሰውራ ዝማዕበለ ባህሊ ዓቢ ኣበርክቶ ጌሩ ኢዩ። ንኹሉ ትሕተ ሃገራዊ ፍልልያትን ምክፍፋላትን ዝሰገረ፡ ካብ ባህላዊ ብዙሕነት (diversity) ኤርትራ በብሉጽ ብምሕራይ ዝሃብተመ፡ ሓደን ስሙሩን ሃገራዊ ባህሊ ክምዕብል እንተዘይጀምር፡ ሃገራዊ ቃልስና ቅድሚ ዝኣገረ መኣዝኑ ብምጥፋእ ምተበታተነ ኔሩ። ኣብ እዋን ሰውራ ዝማዕበለ፡ ርእሰ-ምርኮሳ፡ ርእሰ-ምትእምማንን፡ ጽንዓት፡ ፍቕሪ ሃገርን ህዝብን፡ መሃዝነት፡ ጅግንነትን ተበጃውነትን ዝመለለይኡ ባህሊ እንተዘይነብር፡ እቲ ተቓላሳይ ሰብ ከኣ ባህሉ እንተዘይገብሮ፡ ብርግጽ ኣይምተዓወትናን።

እቲ ኣብ ሰውራ ክምዕብል ዝጀመረ ሓድሽ ሃገራዊ ባህሊ፡ ብናይ ምርዓምን ምንጻግን መስርሕ ኢዩ ማዕቢሉ። ካብ ሃብታም ባህላዊ ውርሻታት ህዝቢ ኤርትራ፡ ነቲ በብልጹ እናኣማዕበለ ሪዕምዎ፡ ነቲ ኣሉታውን ጎዳእን ከኣ እናመመየ ነጺግዎ። ካብ ኣህጉራዊ ባህሊ ከኣ ብተመሳሳሊ እናርዓመን እናጸገነን ሃገራዊ ባህልና ካብ ውህሉል ባህሊ ወዲ ሰብ እናተጠቕመ ዚያዳ ዝህብትመሉ ባብ ኣርሒዩ።

*ሃገራዊ ባህልና ሕጂ'ውን ብምርዓምን ብምንጻግን ኢዩ ክምዕብል ዘለዎ።*

ነቲ ጌና መሊእና ዘይፈለጥናዮ ዘይተጠቀምናሉን ሃብታም ባህላዊ ውርሻታት ህዝብና፡ ክንፈልጦን ክንመራመረሉን፡ ከምኡ ከኣ በብሉጹ እናሓረና ከነማዕብሎን ኣሎና። ኣብ ባህልና ረጊጽና፡ ባህላዊ ውርሻታትና ኣኽቢርና ድማ፡ ኣብ ኣህጉራዊ ባህላዊ ምዕባሌታት ክንሳተፍን ከነበርክትን፡ ክንወስድን ክንህብን ንኽእል።

*ባህላዊ ውርሻታቱ ዘየኽብር ህዝቢ ዝጠፈሸ ህዝቢ ኢዩ። መግዛእቲ ንኹሎም ግዙኣት ዝነበሩ ህዝብታት ባህሎም ሰሪቑ መንነቶም ክድምስስ ፈቲኑ ኢዩ።* ድሕሪ ምድምዳም መግዛእትን ምእዋጅ ናጽነትን'ውን፡ ኣውራ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ፡ እቶም ሓደስቲ ደቀባት ገዛእቲ ጉጅለታት፡ ኣብ ክንዲ ናብ'ቲ

ብመግዛእቲ ዝተዳህኸ ባህላዊ ውርሻታት ምምላስን ካብኡ ብምብጋስ ንባህላዊ ትንሳኤ ምጽዓርን፡ ንባህላዊ ውርሻታቶም ብምንዓቕን ብምድርባይን ደድሕሪ ምዕራባዊ ባህሊ ምጉታትን ንምቕድሑ ምፍታንን ስለዝመረጹ፡ ከም ውጺኢቱ ሃገራቶም ኣደዳ ባህላዊ ድኽነትን ድሕረትን ኮይነን ኣለዋ። ምኽንያቱ፡ እዚ ናይ ባህላዊ ሰራዝነት (Nihilism) ምርጫ'ዚ ናብ ዕጽው መገዲ ጥራሕ ኢዩ ዘብጽሕ።

በንጻር'ዚ፡ እተን ባህላዊ ውርሻታተንን መንነተን ዓቒበንን ኣማዕቢለንን፡ ካብ ኣህጉራዊ ባህሊ፡ ኣውራ ካኣ ካብ ምዕራባዊ ባህሊ፡ ዝጠቕመንን ዘድልየንን እናመረጻ ዝማዕበላ ናይ ምብራቕ ኢስያ ሃገራት፡ ባህለንን መንነተንን ዓቒበን ምዕቡል ሕብረተሰባት ይሃንጻ ኣለዋ።

ስለ'ዚ ኤርትራውያን ባህላዊ ሚዛንና ክንሕሉ ኣሎና። ባህላዊ ሚዛንካ ምጥፋእ፡ ባህላውን ታሪኻውን ሰራውርካ ምጥላም፡ ርጉጽ መገዲ ናብ ታኼላ ባህላዊ ጊላነት ምዃኑ ኣብ ተመክሮ ካልኦት ህዝብታት ንሪኦ ኣሎና። ብሽም ዘበናውነት ናብ ዕውር ምቕዳሕን ኣምልኾ ባዕዳዊ ባህልን ከይወደቕና፡ ባህላዊ መንነትና ዓቂብና፡ ነቲ ኣብ ሰውራ ከነማዕብሎ ዝጀመርና ሓድሽ ሃገራዊ ባህሊ ዚያዳ ብምምዕባሉን ብምህብታሙን መሰረት እንሃንጾ ስልጡን ሕብረተሰብ ክንገብሮ ኣሎና።

ኤርትራ ባህሊ ዝዕንብበላ ሃገር ንኽትከውን ብቐኑዕ መኣዝን ከይተሓለልና ክንጽዓት ኣሎና። ግን ኤርትራ ብሽም ባህሊ፡ ዘበን ኣምጸኦ ውልዕ- ኢሉ ዝቕምስል ዕንባባታት ዘይኮነስ፡ ብሓቂ ነባርነትን መሰረትን ዘለዎ ባህሊ ክዕንብበላ ኣለዎ። ስነ-ጥበባት--ሙዚቃ፡ ስነጽሑፍ፡ ረቂቕ ስነ- ጥበብ--ሃገራዊ መሰረት ሒዙ፡ ካብ ሃብታም ባህሊ ካላኦት ህዝብታት እናወረሰ ብሓርነት ክምዕብል ኣለዎ። ፍቕሪ ስድራቤትን ህዝብን፡ ኮማዊ ሓልዮትን ምትሕግጋዝን ዝኣመሰለ ያታዊ ልምድታትና፡ ብስም ዘበናውነት ብውልቃውነትን ስስዐን ከይፋሓቑን ከይበርስን ምጥንቃቕ ከድልየና ኢዩ። *እቲ ኣብ ሓርነታዊ ሰውራና ዘዐወተና፡ ባህሊ ርእሰ-ምርኮሳ፡ ጽንዓት፡ ሃገራዊ ሓድነት፡ ማዕርነታዊ ምሕዝነት ደቀንስትዮ ደቂተባዕትዮ፡ ፍቅሪ ስራሕን ሓቅን፡ መሃዝነት፡ ተወፋይነት.......ወዘተ ከኣ ተዓቂቡን ደንፊዑን ብመጻኢ ወለዶታት ክውረስ ይግባእ። ዝኸሪ ሰማእታትና ካኣ፡ ከም መሰረት ሃገራውነትና፡ ኣካል ፍሉይ ኤርትራዊ ባህልናን መንነትናን ኮይኑ ካብ ውሉድ ናብ ወለዶ ክመሓላለፍ ኣለዎ።* እዚ ኹሉ ግን፡ ብሃናጺ፡ ኣውንታውን ተበላሕነትን ባህላዊ ስራሕን ምዕባሌን ዝርከብ ደኣ'ምበር፡ ብኣሉታዊ ምክልኻልን መኻን ዓቓባውነትን ዘይርከብ ምዃኑ ክንዝንግዕ የብልናን።

## ስለ'ዚ፡ ዕላማታትና፡-

1. ባህላዊ ውርሻታት ህዝብና ብምዕቃብን ብምምዕባልን፡ ካብ ፍረታት ኣህጉራዊ ባህሊ ብምጥቃምን፡ ኣብ ታሪኽን ያታን ባህላዊ ብዙሕነትን ህዝቢ ኤርትራ ዝተመስረተ፡ ንኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ክምዕብል ዝጀመረ ሃገራዊ ባህሊ ዝቕጽልን ዘማዕብልን፡ ሓድሽ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባህሊ ምምዕባል፥

2. ንኹሉ ትሕተ-ሃገራዊ ከፋፋልን ድሑርን ጸቢብ ኣተሓሳስባታትን ስምዒታትን ትምክሕትን ዝነጽግ፡ ኣብ ስነፍልጠታውን ማዕርነታውን ኣተሓሳስባ ዝተመስረተ፡ ንምዕባሌ ቴክኖሎጅን ስነፍልጠትን ስነጥበባትን ዝድረኽ ደሞክራሲያዊ ባህሊ ምምዕባል፥

3. ንባህላዊ ውርሻታት ህዝብና፡ ነቲ ጽቡቕን ጠቓምን ጎድንታቱ እናኣማዕበልካ ብምርዓሙ፡ ነቲ ጎዳእን ጎታትን ግድንታቱ ከኣ እናመመኻ ብምንጻጉን መሰረት ሃገራዊ ባህልና ምግባሩ፥

4. ካብ ናይ ካልኦት ህዝብታት ባህሊ ምስ ባህላዊ ኩነታትና ዝሰማማዕን ንባህላዊ ምዕባሌና ዝድርኽን እናመመኻ ምውራስን፡ ምስ ኩሎም ህዝብታት ኣብ ማዕርነትን ሕድሕድን ምክብባርን ዝተመስረተ ባህላዊ ምትሕብባር ምምስራትን ምድልዳልን፥

5. ኩሉ ኤርትራዊ ያታታትን ልምድታትን ቋንቋታትን ብግቡእ ከምዝጽናዕን ከምዝምዕብልን ሃገራዊ ባህልና ከም ዝህብትምን ምግባር፥

6. ጥንታዊ ታሪኻዊ ቅርስታት ህዝቢ ኤርትራ ከምዝጽናዕን ብግቡእ ከምዝዕቀብን ምግባር፥

7. ዝኸሪ ጀጋኑ ሰማእታትና ከም መሰረት ሃገራዊነትናን ዓቢ ታሪኻዊ ውርሻናን መጠን ካብ ውሉድ ወለዶ ብኽብሪን ሓበንን ከም ዝመሓላለፍን ታሪኾም ከምዝውረስን ምግባር፥

8. ታሪኻዊ ቅርስታት ሓርነታዊ ሰውራና፡ ከም ታሪኻዊ ውርሻ ህዝቢ ኤርትራ መጠን፡ ካብ ውሉድ-ወለዶ ንኽመሓላለፍ ከም ዝዕቐብን ከም ዝጽናዕን ምግባር፥

9. ኣብ ሓርነታዊ ሰውራና ዝማዕበለን ዘዐወተናን፡ ናይ ርእሰ-ምርኮሳ፡ ሓርበኘነት፡ ፍቅሪ ህዝብን ሓቅን፡ ማዕርነታዊ ምሕዝነት ደቀኣንስትዮን ደቂተባዕትዮን፡ ጽንዓት፡ ድሌት ፍትሒ፡ ተወፋይነት ንስራሕ.... ሃገራዊ ባህሊ ንኽዕቀብን ንኽምዕብልን ብዘይምሕላል ምቅላስ፧

10. ብስም ዘበናውነት ናይ ወጻኢ ባህሊ ብዕዉር ምቅዳሕን ምምላኽን፡ ከምኡ'ውን ብዘይመኣዝን ምስ ዝነፈሰ ሞዳታት ምንፋስን ከይመጽእ፡ ድልዱልን ምዕቡልን ሃገራዊ ባህላዊ ህይወት ንምፍጣር ምጽዓር፧

11. ስልጡን ሃገራዊ ባህልን ስነ ምግባርን ዘለዎ ኤርትራዊ ሰብ ንምህናጽ ምቅላስ።

## 4. ምዕሩይ ዝርጋሐ ብቑዕ ማሕበራዊ ኣገልግሎት

ኣብ ኤርትራ ትምህርትን ኣገልግሎት ጥዕናን ካልእ ኣገልግሎታትን ኣይማዕበለን። መብዛሕትኡ ህዝብና ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ኣይረከብን ዘሎ። እቲ ዝርካቡ ዘይምዕቡል ኣገልግሎታት ከኣ ኣብ ከተማታትን ከባቢኦንን ድኣ'ምበር ኣብ መላእ ሃገር ዝባጻሕ ኣይኮነን። ስለ'ዚ፡ ኣብ ኤርትራ፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ዘየማዕበለ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ምዕሩይ ዝርጋሐ'ውን ስለዘይብሉ፡ ነቲ ጸገም መሊሱ ኣካቢድዎ ኣሎ።

ትምህርቲ መሰረት ምዕባሌ ኢዩ። ንኹሉ ማዕረ ዕድል ትምህርቲ ምኽፋት ማለት፡ ንኹሉ ማዕረ ዕድል ምዕባሌ ምኽፋት ማለት'ዩ። ህዝብና ካብ መሃይምነት ተላቒቑ፡ ብዝተፈላለየ ደረጃታት ዘበናዊ ጥበብ መሊኹ፡ ኣፍራይ ዓቕሙ ብምድንፋዕ ሃገሩ ንኽሃንጽ ትምህርቲ ብሰፊሑ ክዝርጋሕ ኣለዎ። ትምህርቲ ኩሉ ኤርትራዊ ክረኽቦ ዘለዎ መሰረታዊ መሰል'ዩ። ስለ'ዚ ኣብ'ቲ ዕድል ትምህርቲ ተነፊግዎ ዝጸንሐ ገጠራት ሃገርና ትምህርቲ ከስፋሕፍሕ ኣለዎ። ንሃገራዊ ሓድነትን ምዕባሌን ዘገልግል፡ ዘበናዊ ፍልጠትን ክእለትን ዘስንቕ ምዕቡል ሃገራዊ ስርዓተ- ትምህርቲ ክንሃንጽ ኣሎና። ትምህርቲ ከይማዕበለ፡ ሃገርና ክንሃንጽን ደሞራስን ፍትሕን ከነሰፍንን ኣይንኽእልን ኢና።

እቲ ዝዓበ ሃብትና እቕሚ ሰብና ኢዩ። ስለ'ዚ ንምምዕባሉ ቀዳምነት ሂብና ክሰርሕ ኣሎና። ስሩዕ ትምህርቲ ምዝርጋሕ ሓደ መገዲ'ዩ። ብዘይክኡ ግን፡ ኩሉ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት በብዓውዱ ቀጻሊ ትምህርትን ስልጠናን ክህብ ኣለዎ። ኣብ መላእ ሕብረተሰብ፡ በብዓውዱ ክእለትን ፍልጠትን ንምምዕባል ዘየቋርጽ ጻዕሪ ክግበር ኣለዎ።

ኣገልግሎት ጥዕና ካልእ መሰረታዊ መሰል ኢዩ። ኩሉ ኤርትራዊ፡ ኣብ ገጠር ይሃሉ ኣብ ከተማ መሰረታዊ ኣገልግሎት ጥዕና ክረክብ ኣለዎ። ኣብ መልእ ሃገርና ምዕሩይ ዝርጋሐ ዘለዎ ኣገልግሎት ጥዕና ክንዝርግሕ ኣሎና። ኣብ ህዝቢ ጥዕናዊ ፍልጠት ምዝርጋሕን ንምክልኻል ቀዳምነት ምሃብን'ውን ኣገዳሲ ኣካል ናይ'ቲ ኣገልግሎት ኢዩ።

ህዝብና፡ ናይ ማይ፡ መዕቆቢ፡ ጽርየት፡ መራኸቢታት ምዕሩይ ኣገልግሎታት'ውን ክረክብ ኣለዎ።

ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ምዝርጋሕን ምክያድን ግን ኣዝዩ ክቡር ኢዩ። መንግስቲ፡ ማሕበራዊ ኣግልግሎት ምዕሩይ ዝርጋሐ ሃልይዎ ናብ ኩሉ ክፍልታት ሃገር ክባጻሕን ብብቕዓት ክካየድን ሓላፍነት ዝስከም'ኳ እንተኾነ፡

እቲ ጾር ናብ መንግስቲ ጥራሕ ክግደፍ ኣይግባእን። ህዝቢ በብኮማቱን እቲ ግላዊ ክፋልን ኣብ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት እጃሙ ከልዕል ኣለዎ።

ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ምዝርጋሕን ምክያድን ግን ኣዝዩ ክቡር ኢዩ። መንግስቲ፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ምዕሩይ ዝርገሐ ሃልይዎ ናብ ኩሉ ክፍልታት ሃገር ክባጻሕን ብብቕዓት ክካየድን ሓላፍነት ዝስከም'ኳ እንተኾነ፡ እቲ ጾር ናብ መንግስቲ ጥራሕ ክግደፍ ኣይግባእን። ህዝቢ በብኮማቱን እቲ ግላዊ ክፋልን ኣብ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት እጃሙ ከልዕል ኣለዎ።

## ስለ'ዚ፡ ዕላማታትና፡-

1. ህዝቢ ኤርትራ ምዕሩይን ብቑዕን ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ከምዝረክብ ምግባር፥
2. ምዕሩይ ዝርጋሐ ዘለዎ፡ ብብቑዕ ሃገራዊ ስርዓተ-ትምህርቲ ዝምራሕ፡ ንሃገራዊ ሓድነትን ምዕባሌን ዘገልግል ሃገራዊ ትምህርቲ ምዝርጋሕ፥
3. ኣብ ህዝቢ ኤርትራ መሃይምነት ምጥፋእ፥
4. ሞያውያን ናይ ላዕለዋይ ደረጃን ማእከላት ትምህርቲ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኩሉ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት በብዓውዱ ዝወሃብ ቀጻሊ ትምህርትን ስልጠናን ምትብባዕ፥
5. ምዕሩይን ብቑዕን ዝርጋሐ መሰረታዊ ኣገልግሎት ጥዕና ምርግጋጽ፥
6. ህዝቢ ናይ ማይ፡ መዕቆቢ፡ ጽርየት፡ መራኸቢታት ኣገልግሎት ከምዝረክብ ምግባር፥
7. ማህበራዊ ኣገልግሎታት ሰፊሕ ዝርጋሐ ሃልይዎ ብብቕዓት ንኽካየድ ተሳታፍነት
   ህዝብን ግላዊ ክፋልን ምትብባዕ።

# 5 ምሕላው ማሕበራዊ መሰላት

ኤርትራ ሰብኣዊ ክብርን መሰረታዊ ማሕበራዊ መሰላትን ዝኽብረላ ሃገር ፍትሕን ማዕርነትን ክትከውን ንቃለስ ኣሎና። ኣብ ኤርትራ፡ ማለት ማሕበራዊ መሰላት ደቀንስትዮ፡ ሰራሕተኛታት፡ ህጻናት፡ ስደተኛታት፡ ስንኩላንን ካልኦት ሓገዝ ዘድልዮምን ክኽበር ኣለዎ።

ሕቶ ደቀንስትዮ ዓቢ ማሕበራዊ ሕቶ ኢዩ። መሰልን ማዕርነትን ደቀንስትዮ ዘየኽብር ሕብረተሰብ ብሓቂ ሓራ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ። ኣብ ኩነታት ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ኣብ ዓመታት ስውራ ዓቢ ለውጢ ተጋሂዱ ኣሎ። እታ ከም ድኽምትን ልእምትን ፍጥረት ንዘበናት ትሕቲ ሰብኣይ ተቆጺራ ክትደሃኽ ዝጸንሐት ኤርትራዊት ጓልኣንስተይቲ፡ ተቐቢሩ ዝነበረ ሰብኣዊ ዓቕማ ሳላ ሰውራ መገዲ ምስ ረኸበ ናብ ሓያል ተጋዳሊት ተቐይራ። ሰውራና ከኣ ብዘይተሳታፍነት ጓልኣንስተይቲ ኣይምተዓወተን። እዚ ክሳብ ሕጂ ኣብ ኩነታት ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ተመዝጊቡ ዘሎ ለውጢ ግን፡ ዓቢ ዝላ'ኳ እንተኾነ፡ ከደዓዕስ ኣይግባእን። ጌና ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ካብ ኣባታዊ ጭቆና ኣይተገላገላን። ጌና ብትምህርትን ስነፍልጠትን ገስጊሰን ኣብ ሕብረተሰብ ግቡእ ቦተአን ኣይሓዛን።

ኤርትራውያን ደቀንስትዮ በዚ ኣብ ሰውራ ኣብ ትሕቲ "ማዕርነት ብተኻፋልነት ኣብ ስራሕ" ዝብል ጭርሖ ዝጀመርአ መገዲ ናብ ምሉእ ኣግእዞ ክቐጽላ ኣለወን። ብማሕበር ተወዲበን ንመሰላት ኩለን ደቀንስትዮ፡ ኣውራ ከኣ ንመሰላት ናይተን ዝበዝሓን ዝደኸያን ኣብ ገጠርን ከተማን ዝርከባ ደቀንስትዮ ክቓለሳን፡ ኩነታት መነባብሮአን ብመሰረቱ ንምቕያር ብትምህርትን ጥበብን ገስጊሰን ኣፍረይቲ ብሙ'ኳን ነብሰን ክኽእላን ኣለወን። ኣብ ኤርትራ ንደቂ ተባዕትዮ ዝተሓዝአ ብደቀንስትዮ ዘይብጻሕ ቦታ ክህሉ የብሉን። ግደ ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ሕብረተሰብን ስድራቤትን ክዓዝዝ ኣለዎ። ኤርትራ ከኣ፡ ነቲ ኣብ ቃልሲ ዘዐወታ ሰፊሕ ዓቕሚ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ከየሰለፈት ክትስልጥን ኣይትኽእልን ኢያ። እቲ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ተኣምራት ዝሰርሐ ማዕርነታዊ ምሕዝነት ደቀንስትዮን ደቂተባዕትዮን፡ ቀጺሉን ደንፊዑን መሰረት ሓዳስ ኤርትራ ክኸውን ኣለዎ። ኤርትራ ክልቲኡ ጾታታት ብሓባር፡ ብማዕርነትን ምሕዝነትን ዝሃንጽን ብራህዋ ዝንበረላን ሃገር ክትከውን ኣለዋ።

ሓርነታዊ ቃልስና ኣብ ደገፍ ሰራሕተኛታት፡ ሓረስቶትን ጓሶትን ተመርኺሱ ኢዩ ተዓዊቱ። ናይ'ዞም ማሕበራዊ ሓይልታት'ዚ ኣቶም ደገፍ ወሳኒ ኢዩ ኔሩ። ኤርትራ ብቁጠባ ንኽትምዕብል፡ ሰራሕተኛታት መሰሎም

ተሓልይሎም፡ ብዕዮኦም ከቢሮም፡ ፍልጠትን ክእለትን እናኣማዕበሉ፡ ኣፍራይነቶም ብቐጻሊ እናዕዘዙ፡ ብቕሳነት ዝነብሩላን ዝሰርሑላን ሃገር ክትከውን ኣለዋ። ሰራሕተኛታት፡ ናይ ስራሕን ዕረፍትን፡ ናይ ትምህርትን ዉሑስ መንብሮን መሰላቶም ክሕለወሎም ኣለዎ። ንመሰላቶም ዝከላኸል ማሕበራት ሞያ ኪምስርቱ ከኣ ክተባብዑ ይግባእ። ሓረስቶትን ጓሶትን ከኣ፡ ብስነፍልጠታዊ ኣገባብ ማሕረስን ጉስነትን ኣፍራይነቶም ክብ ኢሉ፡ መነባብሮኦም ንኸመሓይሹ ዘድሊ ሓገዝ ክግበረሎም ኣለዎ። ብማሕበራትን ተራድኦታትን ተወዲቦም፡ መሰላቶም ክከላኸሉን ድምጾም ከስምዑን ብምትሕግጋዝ መነባብሮኦም ከማሕይሹን ክተባብዑ ኣለዎም።

ኤርትራ፡ ህጻናታ፡ ህጻንነት ወይ ህይወት ከይረኣዩ ዝዓብዩላ ወይ ዝቕዘፉላ ሃገር ክትከውን የብላን። ብቐዳምነት፡ እቶም ፍቕሪ ወለዶም ዘየስተማቕሩ ዓሰርተታት ኣሽሓት ደቂ ስውኣትን ካልኦት ዘኽታማትን ግቡእ ኣተዓባብያን ሓልዮትን ክረኽቡ ኣለዎም። ኣብ ኤርትራ፡ ናይ ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ፍቕሪ፡ ድሕነት፡ ጸወታ መሰላትን ሰብኣዊ ክብረን ህጻናት ክሕሎ ኣለዎ።

ስንኩላን ሓርነታዊ ቃልስን ካልኦት ስንኩላንን ስድራቤት ተጋደልትን ሰውኣትን፡ ከምኡ'ውን ስደተኛታትን ዝተመዛበሉ ሰባትን፡ ተጣይሶም ነብሶም ዝኽእልሉን ኣብ ምዕባሌ ሃገር ግቡእ እጃሞም ዘበርክትሉን ኩነታት ክፍጠር ኣለዎ።

## ስለ'ዚ ዕላማታትና፡-

1. ኣብ ኤርትራ መሰረታዊ ማሕበራዊ መሰላት ከም ዝኽበር ምግባር፥
2. መሰል ማዕርነት ደቀንስትዮ ምኽባር፥
3. ደቀንስትዮ ኣብ ኩሉ ሜዳታት ብማዕርነት ተሳፍቲ ንኽኮና ምጽዓርን፡ ንማዕረ ስራሕ ማዕረ ደሞዝ ከምዝረኽባ ምርግጋጽን። ብማሕበር ተወዲበን መሰላተን ንኽከላኸላ ምትብባዕን፥
4. መሰላት ሰራሕተኛታት ምኽባርን መሰላቶም ዝከላኸልሉ ማሕበራት ሞያ ንኸማዕብሉ ምትብባዕን፥
5. ሓረስቶትን ጓሶትን ብማሕበራትን ተራድኦታትን ተወዲቦም፡ መነባብሮኦም ንኸመሓይሹን መሰላቶም ንኽከላኸሉን ድምጾም ንኸስምዑን ምድጋፍ፥

6. መሰረታዊ መሰላት ህጻናት ከም ዝሕሎ ምግባር፥

7. ንደቂ- ስዉኣትን ካልኦት ዘኽታማትን ግቡእ ኣተዓባቢያን ሓልዮትን ምግባር፥

8. ስንኩላን ሓርነታዊ ቃልስን ካልኦት ስንኩላንን፡ ስድራቤት ተጋደልትን ስውኣትን፡ ከምኡ'ውን ስደተኛታትን ዝተመዛበሉ ሰባትን፡ ተጣይሶም ነብሶም ዝኽእልሉን ኣብ ምዕባሌ ሃገር ዝሳተፍሉን ኩነታት ምፍጣር፥

9. መደል ብዕድመ ዝደፋኡ ሽማግለታት ምሕላውን፡ ንሽማግለታት ዘኽብርን ዝከናኽንን ልምድታት ሕብረተሰብና ከይፋሓቑ ምክልኻልን ምድልዳልን፥

# 6. ምርግጋጽ ሃገራዊ ጸጥታን ምክልኻልን

ኣብ ህዝቢ ዝተሰረተ፡ ምስ ህዝቢ ድልዱል ምትእስሳር ዘለዎን ኣብ ህይወቱ ዝሳተፍን፡ ብፖለቲካ ዝነቅሐን ዕላማኡ ዝፈልጥን፡ ውፉይን ማእቶታውን ህዝባዊ ሰራዊት ስለዝመስረትና ተዓዊትና። ህዝባዊ ሰራዊት ብወለንተኛታት ዝቖመ ሰራዊት ደኣ'ምበር ምዱብ ሰራዊት ኣይነበረን። ሕጂ ህዝባዊ ሰራዊት ዝሕመረቱ ምዱብ ሃገራዊ ሰራዊት ክቘውም ኣለዎ።

ናጽነትን ልዕላውነትን ሃገር ዘኽብር፡ ካብ ጸላኢ ዝከላኸል ሓያል መከላኸሊ ሓይሊ፡ ከምኡ'ውን ሃገራዊ ጸጥታ ዝሕሉ፡ ሰላምን ርግኣትን ዘኽብር ናይ ጸጥታን ፖሊስን ትካላት ምቛም ኣድላይ ኢዩ።

ናይ ሃገራዊ ጸጥታን ምክልኻልን ሰረተ- እምነትና (Doctrine) ኣብ ህዝቢ ክምስረት ኣለዎ። እቲ እንደልዮ ጸጥታ መሬት ዘይኮነስ ጸጥታ ህዝቢ ስለዝኾነ፡ ህዝቢ ኣብ ምሕላዉ ክሳተፍ ኣለዎ። ስለ'ዚ ምስ ህዝቢ እናተሓባበረ ዝሰርሕ ሃገራዊ ሰራዊትን ናይ ጽጥታን ፖሊስን ትካላትን ክንምስርት ኣሎና።

ከም ኣብ ተመክሮ ብዙሓት ሃገራት ዝተራእየ፡ ሓይልታት ጸጥታን ምክልኻልን ካብ ህዝቢ ዝተነጸለ፡ ንባዕሉ ሕጊ ዝኾነ፡ ናይ ፍርሕን ራዕድን መሳርሒ ምስ ዝኸውን ጉድኣቱ ዘይስፈር ኢዩ። ከምዚ ዝዓይነቱ ሰራዊትን ትካላት ጸጥታን ከኣ፡ መሳርሒ ውሑዳት ሃብታማትን ስልጣንን ዘለዎ ጉጅለታትን ኣገልጋሊ ባዕዳዊ ረብሓታትን ብሙኻን፡ ንሃገራቱ ኣደዳ ዕልዋታት መንግስትን ዓስከራዊ ስርዓታትን ኩሉ ግናይ መካይድቱን ጌርወን ኣሎ።

ሰራዊትን ትካላትን ጸጥታን፡ ህዝብን ሃገራዊ ረብሓን ዘገልግል፡ ድሕነት ሕብረተሰብ ዝሕሉ፡ ብሕጊ ተቐይዱ ብተሓታትነትን ግሉጽነትን ዝሰርሕ ክኸውን ኣለዎ። ኣብ ኤርትራ፡ ሃገራዊ ሰራዊትን ትካላት ጸጥታን ፖሊስን፡ ናይ ህዝባዊ ሰራዊት ጽቡቕ ያታ ብምቕጻል፡ ህዝቢ ዘገልግል፡ ኣብ ትሕቲ ሃገራዊ ቅዋም ዝሰርሕ፡ ኣብ ማእቶት ዝሳተፍ፡ ኣብ ምፍታሕ ሽግራት ሕብረተሰብ ዝሳተፍ፡ ንቁሕን ውፉይን፡ ልዑል ሞያዊ ብቕዓትን ኣወዳድባን ዘለዎ ሃገራዊ ትካላት ክኸውን ኣለዎ።

## ስለ'ዚ ዕላማታትና፡-

1. ናይ ሃገራዊ ጸጥታን ምክልኻልን ሰረተ-እምነታትና ኣብ ህዝቢ ዝተሰረተን ሃገራውን ከም ዝኾውን ምግባር።

2. ንህዝብን ሃገራዊ ረብሓን ዘገልግል። ንሃገራዊ ቅዋም ዝከላኸል፡ ብሕጊ ተቐይዱ ብተሓታትነትን ግሉጽነትን ዝሰርሕ ብቑዕ ሃገራዊ ሰራዊትን ትካላት ጸጥታን ፖሊስን ምምስራት፥

3. ሃገራዊ ሰራዊትን ትካላት ጸጥታን፡ ናይ ህዝባዊ ሰራዊት ጽቡቕ ያታ ብምቕጻል፡ ኣፍራይ፡ ብፍቕሪ ህዝብን ሃገርን ዝምራሕ፡ ሕግን ስነ-ስርዓትን ዘኽብር፡ ጽኑዕን ዉፉይን ከም ዝኾውን ምርግጋጽ፥

4. ሃገራዊ ሰራዊትን ትካላት ጸጥታን ተልእኾኡ ብግቡእ ንምፍጻም ልዑል ሞያዊ ብቕዓትን ኣወዳድባን ከም ዝህልዎ ምግባር፥

5. ተሳታፍነት ዜጋታት ኣብ ምክልኻል ሃገር ንምርግጋጽ፡ ሃገራዊ ኣገልግሎት ግዴታ ኩሉ ዜጋ ከም ዝኾውን ምግባር።

# 7. ዞባውን ኣህጉራውን ምትሕብባር

እቲ መቐጸልታ ዘቤታዊ ፖሊሲታትና ዝኾነ ናይ ወጻኢ ፖሊሲናን ዝምድናታትናን፡ ኣብ ኣህጉራዊ ረብሓና ምሕላው፡ ምእንቲ ሰላምን ምርግጋእን ዞባናን ዓለምናን ምስራሕ። ምስ ኩሉ መንግስትታትን ህዝብታትን ኩሉ መዳያዊ ምትሕብባር ምምዕባል ክምስረት ኣለዎ። ብሓጺሩ፡ *ናይ ወጻኢ ፖሊሲና ናይ ሰላምን ዘይሻርነትን ኢዩ።*

ብቐዳምነት ምስ ጎረባብትናን ሃገራት ከባቢናን ኣብ ሓባራዊ ረብሓታትን ምትሕግጋዝን ዝምርኮስ ናይ ጽቡቕ ጉርብትናን ሰላምን ዝምድናታት ክንምስርት ኣሎና። ሰላምን ምርግጋእን ብዶባት ስለዘይውሰን፡ ኣብ ሃገርና ድሕሪ ነዊሕ ዅናት ረኺብናዮ ዘሎና ሰላምን ቅሳነትን ውሕስነት ንኽህልዎ ኣብ ከባቢናን ብደረጃ ዓለምን ምእንቲ ሰላምን ምርግጋእን ብንኡስ ዓቕምና ክንጽዕት ግድን'ዩ።

ካብ ከባቢኻን ዓለምን ተነጺልካ ቁጠባውን ባህላውን ምዕባሌ ኣይርከብን'ዩ። ምስ ከባቢናን ዓለምን ንጡፍን ኩሉ መዳያውን ምትሕብባር ምምስራት ንቁጠባውን ባህላውን ምዕባሌና ኣገዳሲ'ዩ። ስለ'ዚ ናይ ወጻኢ ፖሊሲና ኣብ መንጎ ሃገርናን ካልኦት ሃገራትን ንኽምዕብል ዘለዎ ቁጠባውን ባህላውን ምትሕብባር ዘሳልጥ ክኸውን ኣለዎ።

ኤርትራ ምእንቲ ሰላምን ግስጋሴን ህዝብታት፡ ምእንቲ ኣህጉራዊ ምትሕብባርን ምርድዳእን ክትጽዕት ይግባእ። ኣብ መንጎ መንግስታት ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣውራ ኣብ መንጎ ህዝብታት ናይ ሕውነትን ማዕርነትን ምትሕብባርን ጥቡቕ ዝምድናታት ክምዕብል እጃማ ክተበርክት ኣለዋ።

ኤርትራ ከም ናጻን ልዑላዊትን ሃገር ኣባል ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ፡ ኣባል ኣህጉራውን ዞባውን ውድባቱን ኮይና ኣላ። ኣብ ኣህጉራዊ ማህበረሰብን ውድባቱን ንኣህጉራዊ ሕግታትን ቻርተራትን ተማኣዚዛ ንጡፍ ተራ ክትጻወት ኣለዋ።

## ስለ'ዚ ዕላማታትና፡-

1. ኣብ ናጽነትን ሃገራዊ ረብሓን ዝተመስረተ ናይ ሰላምን ዘይሻርነትን ፖሊሲ ወጻኢ ምኽታል፥

2. ብጎረባብትናን ከባቢናን ብምጅማር ምስ ኩለን ሃገራት፡ ፖለቲካውን ቁጠባውን ስርዓተን ብዘየገድስ፡ ኣብ ናጽነት፡ ናይ መሬት ሓድነትን ናይ ሃገር ክብርን ምሕላው፡ ዘይምውራር፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ጣልቃ ዘይምእታው፡ ብማዕርነትን ሓበራዊ ጥቕምን ምስራሕ ዝተምስረተ ዝምድናታት ምምስራት፥

3. ምስ ኩሎም ህዝብታት፡ ታሪኻውን ባህላውን ፍልልያት ብዘየገድስ፡ ኣብ ኣድማሳዊ ሕውነትን ማዕርነትን ሰላምን ምርድዳእን ዝተመስረተ ምሕዝነት ምድልዳል፥

4. ንሰላምን ምርግጋእን ዞባናን ዓለምን ምጽዓር፥

5. ቁጠባውን ባህላውን ምዕባሌ ሃገርና ንምቅልጣፍን ንምድንፋዕን ምስ ኩለን ሃገራት ቁጠባውን ባህላውን ምትሕብባር ምምዕባል፥

6. ኤርትራ ብዝኸተመትሉ ኣህጉራዊ ስምምዓት ምምእዛዝ።

# III ውድባዊ መትከላት

# III ውድብዊ መትከላት

ነዚ ክንዝርዝሮ ዝጸናሕና ዓላማታት ንምዕዋት ኣብ ግዜ ናጽነትን ሰላምን ናይ ዝቃለስ ፖለቲካዊ ግንባርና ኣወዳድባን ንዕኡ መሰረት ዝኾውን ውድባዊ መትከላትን እንታይ ክኾውን ኣለዎ? ናይዚ ሕቶ'ዚ ዝርዝራዊ መልሲ ብናይቲ ግንባር ቅዋም ዝግለጽ ኮይኑ፡ መሰረታዊ ሓሳቡ እዚ ዝስዕብ ክኾውን የድሊ፡-

## 1. ሰፊሕ ዝሰረቱ ግንባር

ናይቲ ግንባር ሰፊሕ ዓላማታትን ኣቃውማ ሕብረተሰብናን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሃገርና ናይ ብዙሕ-ሰልፋውነት ኣወንታዊ ተመክሮ ዘይምጽንሑ ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ እቲ ግንባር ንሓደ ውሱን ማሕበራዊ ቀጸላ ወይ ደርቢ ዝውክል፡ ወይ ድማ ነቶም ኣዝዮም ውሑዳት ባእታታት ጥራይ ዝሓቁፍ ጸቢብ ዝሰረቱ ሰልፊ ዘይኮነስ፡ ከም ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ብዝተኻእለ መጠን ንኹሉ ሰናይ ኤርትራን ህዝባን ዝደሊ ሃገራዊ ኤርትራዊ ዝሓቁፍ ኣዝዩ ሰፊሕ ሰረት ዘለዎ ግንባር ክኾውን ኣለዎ። መሰል ምምስራት ሃገራዊ ሰልፍታት ዘፍቅድ፡ ሰልፍታት ምስ ዝቐውም ድማ ምስኡ ብሰላም ንምውድዳር ቅሩብ ክኾውን'ኳ እንተለዎ፡ ብፕሮግራሙ፡ ብኣወዳድብኡ፡ ብኣሰራርሕኡ፡ ንኹሎም'ቶም ብሓድነትን ሰላምን ራህዋን ኤርትራ ዝግደሱ ኣብ ፖለቲካ ክነጥፉ ዝደልዩ ሃገራውያን ዝስሕብን ኣብ መስርዕ ዘሳትፍን ክኾውን የድሊ። ብሰፊሕ ሰረቱ መርኣያ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራን ናይዚ ሓድነት'ዚ ዋሕስን መደልደልን ክኾውን ኣለዎ። ግንባር ኣብ ኤርትራ፡ ዋሕስ ሰላምን ምርግጋእን፡ ዋሕስ ምምዕባልን ምድልዳልን ሃገርዊ ምህናጽ፡ ዋሕስ ጥዑይን ደሞክራሲያውን ፖለቲካዊ ግስጋሴ ማእከል-ስሕበት (Centre of Gravity) ክኾውን ኣለዎ።

## 2. ውሽጣዊ ደሞክራሲያዊ ህይወት ዘለዎ ኣሳታፊ ግንባር

ግንባርና ከም ንኹሎም ፍቑሪ ሃገርን ህዝብን ዝጠምሮም ግን ከኣ ኣብ በበይኑ ጉዳያት ፖሊሲታትን ዝተፈላለየ ርእይቶታት ዘለዎም ሃገራውያን ዝጥርንፍ ውድብ ዕዉት ክኾውን እንተኾይኑ፡ ኣብ ውሽጣዊ ኣሰራርሕኡን ህይወቱን ደሞክራስያውን ኣሳታፍን ክኾውን ኣለዎ። ንዕላማታቱ ይኹን ናብኡ ንምብጻሕ ንዝሕንጽጾም ፖሊሲታት ብደረቕን ዶግማቲካውን ዓይኒ ክጥምቶም ይኹን ክትግብሮም ኣይግባእን። ተዓጻጻፍነት ፕሮግማቲካውን ክኾውን የድሊ።

ኣብ ውሽጢ'ቲ ሓፈሻዊ ዕላማታትን መትከላትን ክሳብ ዝኾኑ፡ ንዝተፈላለዩ ዝምባሌታትን ኣረኣእያታትን ቦታ ክህልዎ ይግባእ። ምጽዉዋር ንዝተፈላለየ

ርእይቶታት፡ ቅድሚ ይኹን ድሕሪ ውሳኔ ድማ ሰፊሕን ቀጻልን ክትዕ ወሳኒ'ዩ። ብዝበዝሖ ዝተደገፈ ውሳኔ ክትግበር'ኳ እንተለዎ፡ ምንቃፍ ፍቑድን ዝተባባዕን ክኸውን ኣለዎ።

ውሽጣዊ ደሞክራስያዊ ህይወትን ምኹስካስ ተሳትፎ ኣባላትን፡ ንሓድነት ናይቲ ግንባር ጥራይ ዘይኮነ፡ ንምንጻርን ምምዕባልን ፖሊሲታቱ፡ ንምልላይን ቅልጡፍ ምእራምን ጉድለታቱ ወሳኒ'ዩ። ደሞክራስያዊ ህይወት ሱር ክሰድድን ክጥጥዕን መድረኻት (ስሩዕ ኣኼባታት፡ ዋዕላታት፡ ሰሚናራት፡ ዜጋታት፡ ወዘተ) የድሊ።

## 3. ብቑዕ፡ ወካሊ፡ ተሓታትነት ዘለዎ፡ በብግዚኡ ዝቕየር መሪሕነት

ናይ መሪሕነት ሕቶ ወሳኒ ብሙኳኑ፡ ኣብ ኣመራርጻ መሪሕነት ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት፡ ብቕዓት (ብቕዓት ብኽእለት፡ ብቕዓት ብተወፋይነት፡ ብቕዓት ብስነ-ምግባር ብዝሰፍሐ ትርጉሙ) ከም ቀንዲ መምዘኒ ክውሰድ ኣለዎ። እቲ መሪሕነት ብኣቃዉማኡ ወካሊ ናይቲ ግንባርን ናይቲ ሕብረተሰብን ክኸን'ውን ኣገዳሲን ክሕለፍ ዘይክኣልን'ዩ።

ኣብ ነፍስወከፍ ጽፍሒ ዝርከብ መሪሕነት ካብ ኣባላት ናይቲ ዝመርሖ ግንባርን ካብ ህዝብን ኣንተተነጺሉ ቅኑዕ መሪሕነት ክህብ ስለዘይክእል፡ ናይ ህዝቢ ኩነታትን ሽግራትን፡ ስምዒትን ሃንቀውታን ብቐረባ ክፈልጥ፡ ንህዝቢ ቀጻሊ ሓበሬታን መግለጽን ክህብን ካብ ህዝቢ ዝቐረበሉ ርእይቶታት ክሰምዕን፡ ምስ ህዝቢ ቀጻሊ ምውሳእ ክህልዎ፡ ወሳኒ'ዩ።

*መሪሕነት እኩብ ሓላፍነት ብሙኳኑ፡ ብእኩብ ክግምገምን ክውሰንን ክከታተልን ዘኽእሎ ትካላዊ ኣሰራርሓ ክህልዎ ግድን'ዩ።* ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሕታት ስሩዕ ኣኼባታት ክህልዎን፡ እዚ ኣኼባታት'ዚ ብዕቱብ ክረአን ናይ ውሳኔን ገምጋምን መድረኽ ክኸውንን ኣገዳሲ'ዩ። ከምኡ ምስዘይከውን፡ ሓድነት መሪሕነት ምልሕላሕ፡ ናይ እንታይ ገደሰኒ ስምዒት ምምዕባል፡ ብእኩብ ክውሰድ ዝምረጽ ውሳኔ ብውልቂ ምውሳድን ካልእ ጉድለታትን ይስዕብ። ማዕረ ማዕረ'ዚ፡ ናይ ነፍስወከፍ መራሒ ሓላፍነትን ደረት ስልጣንን ተፈሊጡ ውልቃዊ ሓላፍነት ክስከም፡ ብዝፈጸሞ ኣስልጦ ክምስገንን ሞሳ ክረኽብን፡ ብዝፈጸሞ ጉድለት ድማ ክንቀፍ ኣድላዪ ምስ ዝኸውን ድማ ተሓታቲ ክኸውን የድሊ።

ተሓታትነት ንህላወን ቀጻልነትን ምዕባለን ሓላፍነታዊ ኣመራርሓ ወሳኒ'ዩ። ሓላፊ ባዕሉ ናይ ዝፈጸሞ ይኹን ኣብቲ ንሱ ዝመርሖ ክፍሊ ናይ ዝረአ ጉድለት ሓላፍነት ክስከም ኣለዎ። ከከምደረጃ ናይቲ ጉድለት ድማ ስጉምቲ

(ነቐፌታ፡ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ይቕረታ ምሕታት፡ ካብ ስልጣን ምውራድ) ክውሰድ ስለዘለዎ ነዚ መሰረት ዝኸውን ንጹር ሕጋጋት ክህሉ ግድን'ዩ። ተሓታትነት ብግቡእ ክሰርሕ ግሉጽነት ክህሉ ስለዘለዎ፡ ፖሊሲታት፡ መደባት። ዝተፈጸሙን ዘይተፈጸሙን ስራሓትን ምኽንያቶምን፡ ዝተራእየ ጉድለታት፡ ባጀትን ኣጠቓቕምኡን ንኣባላት ናይቲ ግንባር ጥራይ ዘይኮነ ንህዝቢ ግሉጽ ክኸውን ኣለዎ። መራሕቲ ብስርሖም፡ ኣካይዳኦምን ስነምግባሮምን ኣብነት ክኾኑ ስለዝግባእ፡ ፍጹማት ክኾኑ ክይተጸበየ ካብኦም ትጽቢት ዝግበረሉ ኣካይዳን ጠባያትን ዘብርህን መምዘኒ ዝኸውንን ሕግታት (Code of Conduct) ክህሉ'ውን ኣገዳሲ'ዩ። መሪሕነት ግቡእን ሓላፍነትን እምበር ውርሻ ክኸውን ስለዘይብሉ፡ ሓደ ሰብ ንመሪሕነት ዝምረጸሉ ግዜ (Term of Office) ብቅዋም ክውሰን ኣለዎ።

## 4. ካብ መንግስቲ ዝተፍልየ ናይ ግንባር ህላወን ንጥፈትን

እቲ ግንባር ኣብ መንግስቲ ዓብን ወሳንን ተራ ዘለዎ ክከውን'ኳ እንተለዎ፡ ካብ መንግስቲ ዝተፈልየ ህላወን ንጥፈታትን ኣንተዘይብሉ፡ ምስቲ መንግስቲ ተሓናፊጹን ብእኡ ተዋሒጡን ምድካሙን ምልማሱን ክስዕብ'ዩ። ስለዚ ኩሎም መራሕቱን ኣባላቱን ብስራሕ መንግስቲ ጥራይ ክጽመዱ ከፍቅድ ኣይግባእን። ካብቲ መንግስቲ ዝተፈልየ ቤት ጽሕፈትን መሳለጥያን፡ መደባትን ንጥፈታትን (ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ባህላዊ) ክህልዎ፡ ስራሕ ግንባር ጥርይ ዝከታተሉ መራሕትን ካድረታትን ክህልውዎ ወሳኒ'ዩ።

ብመንጽር'ዚ እቲ ግንባር ብኣጠቓላሊ ናይ መንግስቲ ኣጀንዳ ፖሊስን ንምውሳንን ንምጽላውን ክቃለስ መሰረታዊ ዕማሙ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብቲ ዝርዝራዊ ስልጣንን መዓልታዊ ውሳኔታትን መንግስትን ሚኒስትሪታቱን ኢዱ ከእቱ ሓላላኽን ዘይግቡእን ኢዩ።

## 5. ምትብባዕን ምትሕብባርን ን/ምስ ናይ ህዝቢ ማሕበራት

እቲ ግንባር ሰፊሕን ኣሳታፍን ንኹሎም ሃገራውያንን ደሞራስያውያንን ዝሓቁፍን ይኹን'ምበር፡ እቲ እንኮ መልክዕ ናይ ውዳቤ ክኸውን ኣይሕልንን'ዩ። ብኣንጻሩ፡ ምስ ፕሮግራሙ ዝሳነ ዕላማታት ዘለዎም ናይ ክፍልታት ህዝቢ ማሕበራት፡ ብማሕበራዊ ቀጸላ ሞያን ካልእ ዘይትሕተ-ሃገራዊ ኣቃዉማታትን ክምስረቱ ከተባብዕን ክሕግዝን፡ ምስ ቆሙ ድማ ምስኣቶም ክተሓባበር፡ ንምዕዋት ዓላማታቱ ኮነ ንምጥጣሕ ሰረታት ደሞክራሲ ኣዝዩ ጠቓሚ'ዩ።

## 6. ዳይናሚክ፡ ኣብ ህዝቢ ዝተሰረተ ውድባዊ ቅርጺ ምምዕባል

ግንባርና፡ ሓፈሻዊ ዕላማታቱ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ዝግልገለሉ፡ ኣብ ውድባዊ መትከላቱ ዝተመስረተ ዳይናሚክ ውድባዊ ቅርጺ ከምዘድልዮ ርዱእ ኢዩ። ምኽንያቱ፡ እቲ ዝበለጸ ዕላማታትን ውድባዊ መትከላትን'ውን ይሃሉ፡ እንተደኣ ስጋ ዘልብሶ ውድባዊ ቅርጺ ዘይተሃኒጹ ትርጉም የብሉን። ስለ'ዚ ንግንባርና ከም መሓውር ኮይኑ ዝጸሮ፡ ምስ ህዝቢ (Grass-roots) ዘራኽቦ፡ ካብ ላዕሊ ንታሕቲ፡ ካብ ታሕቲ ድማ ንላዕሊ ዘራኽብን ኣብ መላእ ሃገር ዝተዘርገሐን፡ ንጡፍ፡ ተዓጻጻፊ፡ ኣድማዒ ውድባዊ ቅርጺ ምህናጽ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኢዩ።

ውድባዊ ቅርጺ ሓንሳብን ንሓዋሩን ዝሰኣል ኣይኮነን። ምስ ምዕባሌ ስራሕን ዝቀያየር ኩነታት እናተቐያየረን እናማዕበለን ክኸይድ ኣለዎ። ውድባዊ ቅርጺ ኣብ ላዕሊ ከቢድ (Top-heavy) ኮይኑ ኣብ ታሕቲ ዘይሰርሕ ንኽይከውን ኣብ ታሕቲ ከቢድ፡ ኣብ ላዕሊ ግን ፈኩስ ክኸውን ይግባእ።

ግንባርና፡ ውድባዊ ኣካላቱን ንጥፈታቱን ኣብ ከተማታት ዝተሓጽረ፡ መራሕቱ ካድራቱን ካብ ሰፊሕ ገጠር ዝተገለሉ፡ ቢሮክራስን ዘይስሉጥነትን ተነጽሎን ዘማዕብል ከይከውን፡ ኣብ ውድባዊ ኣሰራርሓኡን ቅርጹን ውሕስነት ክህልዎ ኣለዎ።